ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.167 | ቀዳም 14 መጋቢት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ተስላ
“ስነ ፍልጠታዊ ፈጣሪ”. . .




ገጽ 4
ሚኒስትሪ ሕርሻ
ኣብ ጽንብል ዓለምለኻዊ . . .



ገጽ 5
ኣጽዋር - ምርቓን መርገምን
ደቂ-ሰብ



ገጽ 9
ተሓጋጊዝካ ምንባር



ገጽ 11
ናይ ዋንጫ ጥምጥም፣ ቀይሕ
ባሕሪ ምስ ሰገነ፡ ደንደን. . .



# ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂኣንስትዮ ጸንቢሎም

8 መጋቢት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮ፡ “ክብርታትና፡ ዋልታና” ብዝብል ቴማ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ኤርትራውያን ዝነብሩለን ሃገራት ብኽብሪ ዝበለ ደምቀት ተጸንቢሉ።

ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማታት ሚላኖ፡ ሮማ፡ ቦሎኛ፡ ባሪ፡ ካታንያ፡ ፓርማ፡ ፒዛ፡ ፓለርሞ፡ ጀኖባ፡ ናፖሊ፡ ፓዶቫ፡ ፊረንዘን ቨሮናን - ኢጣልያ፡ ኤርትራዊት ጓል-ኣንስተይቲ ብቓልሰን መስዋእትን ዘረጋገጸቶ መሰላ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ብእተርእዮ ንቕሓ ኣበርክቶ ከምዘውሓሰት ተገሊጹ።

ብተመሳሳሊ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ቶሮንቶ፡ ኪችነር፡ ጋልፊ፡ ኦታዋ፡ ዊኒፔግ፡ ካልጋሪ፡ ኤድመንተንን ሳስካቱንን - ካናዳ፡ እቲ ጽንብል - ታሪኽን ክብረታትን ኤርትራዊት ጓልኣንስተይቲ ናብ ወለዶታት ንምስጋር ብዝለዓለ ንምስራሕ መብጽዓኦም ብምሕዳስ ጸንቢሎምዎ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ራሊ፡ ዱርሃም፡ ቻፐልሂል - ኖርዝካሮላይና ከምኡ’ውን ሚኒሶታ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ንክብሪን ዕዙዝነትን 8 መጋቢት ዘንጸባርቕ ዝተፈላለየ መሰናድኣታት ብምድላው፡ ብሓበን ዘኪሮምዎ።

ኣብ ሃገራት ስካንዲናቭያ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ስቶክሆልም - ሽወደን፡ ኦስሎ - ኖርወይን ሄልሲንኪ - ፊንላንድ፡ ኣብ ዝገበርዎ ጽንብል፡ ንተራ ደቂኣንስትዮ ኣብ ልምዓትን ህንጸትን ሃገር ብምምጓስ፡ ጨናፍር ሃግደኤ ውዳበታተን ኣሐዩለን ንዝበረኸ ኣበርክቶ ከምዝተጠባ፡ ጸንዕ እምነቶም ኣረጋጊጾም።

ኤርትራውያን ነበርቲ ስዊዘርላንድ ድማ፡ ደቂኣንስትዮ ንማዕርነትን ፍትሕን ጓልኣንስተይቲ ሳላ ዝተቓለሳን መስዋእቲ ዝኸፈላን፡ ሎሚ ማዕርነታን መሰላን ዝተረጋገጸ ሕብረተ ዜጋ ክትከውን ከምዝበቕዐት ገሊጾም።

ብዘይካ’ዚ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ለንደን፡ ማንቸስተር፡ በርሚንግሃም፡ ሸፊልድ፡ ሊድስ፡ ኖቲንግሃም፡ ኮቨንትሪ፡ ኒውካስትልን ሌስተርሲቲን - ዓባይ ብሪጣንያ፡ 8 መጋቢት - ደቂኣንስትዮና ኣብ መዋእል ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ ደቂተባዕትዮ ብጾተን ከይተፈልያ ብዘኻየድኦ ድርብ ቃልሰን ናይ ስራሕ ተኻፋልነትን ዘተረጋገጸ ማዕርነት እተንጸባርቕ ዕዙዝ ዕለት ምዃና ሓቢሮም።

ኣባላት ማሕበረትም ኤርትራውያን ኣብ ግዝኢ ብዮዲኦም፡ ተራ ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ ምምዓእ ናጽነት፡ ምውሓስ ልኡላውነትን ህንጸት ሃገርን ልዑል ምዃኑ ብምጥቃስ፡ “8 መጋቢት፡ ንዝተረኽበናዮ ሕድሪ ኣብ ምዕራፉ ንምብጻሕ መብጽዓና እንሓድሰላ ዕለት’ያ” ኢሎም።

ኣብ ዘሆጌ ዝዎሌ ሌውቫርደን፡ ኡትረኽት፡ ኣምስተርዳምን ሮተርዳምን - ኔዘርላንድስ ዝነብሩ ዜጋታት ኣብ ዝወደብዎ ተመሳሳሊ ጽንብል፡ ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ኣብ ባህላዊ፡ ቁጠባውን ፖለቲካውን ጽፍሒታት ንዝገብርኦ ዘለዋ ኣበርክቶ ብምጥቃስ፡ ኣብ ወጻኢ ዘለዋ ደቂኣንስትዮ ውዳበአን ከሐይላ ተላቢዖም።

ነበርቲ ረፓብሊክ ደቡብ-ኣፍሪቃ ኣብ ከተማ ጆሃንስበርግ ኣብ ዝገበርዎ



መደብ፡ ርህወትን ስልጥንትን ኤርትራ ንምርግጋጽ ኣብ ዝግበር ቃልሲ፡ ተሳታፍነት ጓልኣንስተይቲ ወሳኒ ግደ ከምዘለዎ፣ እዚ ድማ ቀጻልነቱ ክውሕስን ክወራረስን ከምዝግባእ ገሊጾም።

ኣብ ቤልጅዩም - ከተማታት ብራስልስን ኣንትወርፕን ኣብ ዝተኻየደ ጽንብል ድማ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ኣበርክቶኢ ጥራይ ዘይኮና፡ ተረባሕቲ ጸጋታት ሃገረን ንክኾና’ውን ብዕላማ ስለዝተሰርሓሉ፡ ህይወተን ብዓይነት እናተለወጠ ይመጽእ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ብኻልእ ወገን፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ጁባ - ደቡብ ሱዳን ኣብ ዘካየድዎ ጽንብል፡ ኤርትራዊት ጓል-ኣንስተይቲ ካሊመዳያዊ ዕጥቃ ኣይልዲላ ሃገራዊ ክብርታት ኣብ ምኽባኣሰን ናብ ወለዶታት ኣብ ምትሕልላፍን ልዑል ተራ ትጻወት ከምዝላ በሪሁ።

ኣብ ጀርመን - ከተማታት በለፊልድ፡ ፍራንክፈርት፡ ካይዘርስላውተርን፡ ካርልስሩሀ፡ ካስል፡ ከለን፡ ክራይፈስ ኦፈንባኽ፡ ማይንዝ፡ ኑርንበርግ፡ ኡልም፡ ቱቢንገን ሮትሊንገን፡ ሹፐርታል፡ ጊሰንን ዳርምሽታትን’ውን፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂኣንስትዮ ብዝተፈላለየ መሰናድኣታት ብልዑል ደምቀት ከምእተጸንበለት፡ ካብ’ቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣብ ልዋንዳ ቤንጌላ፡ ዋዃጥ ካቢንዳን - ኣንጎላ ዝነብሩ ድማ ንጽንዖትን ጅግንነትን ኤርትራዊት ጓል-ኣንስተይቲ ዝገልጽ ዝተፈላለየ መሰናድኣታት ብምድላው፡ 8 መጋቢት ብኽብሪ ዝበለ ደምቀት ጸንቢሎም።

# ሓመልማሎ - ተመሃሮ ሞያዊ ስልጠናታት ቀሲሞም



ኣብ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ንሰለስተ ኣዋርሕ ብግራፊክስ፡ ኣርትዖት ስእሊን ቋንቋ ምልክትን ክሰልጥኑ ዝጸንሑ 175 ተመሃሮ፡ ብ11 መጋቢት ተመረቑ።

ዲን ናይ’ቲ ኮለጅ ፕሮፌሰር ወልደኣምላኽ ኣርኣያ፡ እቲ ምስ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ዞባ ሳዋን ሳዕለምት ትካላት ትምህርትን ብምትሕብባር ዝተወደበ መደብ፡ ተመሃሮ ኺ-ኺ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም፡ ክእለቶምን ዝንባለኦም ኣብ ምህዞን ሰንዳን ዘለልዩሉን ዘማዕብሉሉን ኣጋዳሲ ባይታ ከምዝፈጠረ ገሊጹ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ’ቲ ኮለጅ መንእሰይ ፊሊሞን የማነ ብወገኑ፡ እቲ ስልጠና መቐጸልታ ናይ’ቲ ዓቕሚታት መንእሰያት ንምምዕባል ዝካየድ ንጥፈታት ምዃኑ ብምሕባር፡ ነቲ መደብ ንምዕዋት ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት ኣመስጊኑ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሓላፊት ሃማመተኤ ዞባ ሳዋን ሳዕለምት ትካላት ትምህርትን ወ/ሮ መንሱራ እስማዒል፡ ስልጠኑቲ ዝቐሰምዎ ሞያ ንትምህርቶም ደገፊ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ባይታ ክሰርሑሉን ብዝበለጸ ከማዕብልዎን ተላቢያ።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ተመረቕቲ ውጽኢት ስልጠናኦም ንዕዱማት ኣቕሪቦም።

ዜና

# ተሰነይ - ትግባረ መሰላት ቁልዑ ብምልኣት ንምርግጋጽ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ይሕተት

ትግበረ ማሰላት ቁልዑ ብምልኣት ንምርግጋጽ፡ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ከየገዳሲ ግዜያዊ ሓላፊ ጨንፈር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ተስፋጉብርኤል ጉብረስላሴ፡ ብ6ን 7ን መጋቢት ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ምስ ኣመሓደርቲ ከባብን መራሕቲ



ሃይማኖትን ኣብ ዘካየዶ ርክብ ጸዊዑ።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ንጥዕና ደቂኣንስትዮ ዝሃሲ ድሑር ልምድታት ብሓፈሻ፡ ምኽንያቱ መርዓ ትሕቲ ዕድመን ድማ ብፍላይ መሊኡ ስለዘይተወገደ፡ ተራ ኮም፡ ምምሕዳራትን ካልኦት ኣካላት መንግስትን ክሕይልዎን ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ህዝባዊ ጥዕና ኣቶ ጉብረሂወት ተኸስተ ድማ፡ ኣብ 2030 ናጻ ካብ ክሸኮ ንምእዋጅ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ኣበርቲዑ ይሰርሕ ከምዘሎ፡ ከም ውጽኢቱ እቲ ተርእዮ ኣብ መብዝሕትኦን ምምሕዳራት ከባቢ ጎዲሉ'ኳ እንተሎ፡ ሰፊሕ ሩባ ጋሽ ኣብ ዝርከብ ዓድታት ግና ብዙሕ ስራሕ ከምዝድሊ ገሊጹ።

ካብ ቤት-ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ሓፊዛ መሓመድ ብወገና፡ ምኽንያቱ ደቂኣንስትዮ ብኣዋጅ ቁጽሪ 158/2007፣ መርዓ ትሕቲ ዕድመ ድማ ብመሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ዓንቀጽ 581 ብሕጊ ኩልኩል ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ'ቲ ተግባራት ዝሳተፉ ብሕጊ ተሓተትቲ ስለዝኾኑ፡ ሕብረተሰብ ካብ'ቲ ገበን ክሕለብ ተማሕጺኑ።

ብኻልእ ወገኑ ኣብ ከም ዝሰረቱ ተሃድሶን ልምዓትን ሰንኩላን ኣረጋውያንን ካልኦት ጸገማትን ዘለኩሩ ርክብ ኣብ ተመሳሳሊ ዕላት ከምዝተኻየደ፡ ወከል ኤሬና ሓቢሩ።

ኣብ ጨንፈር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ጋሽ-ባርካ ሓላፊ ኣሃዱ ድሕነት ኣቶ መንግስ ጉብረኪዳን፡ ከምን ኣመሓደርቲ ከባብን ኣብ ምልላይን ምፍታሕ ጸገማትን ናይቶም ወገናት ምትሕብባርም ክሓይሉ ኣተሓሳሰቡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ሰዩም ጉብረእየሱስ ብወገኑ፡ ንጥዕና ደቂኣንስትዮ ዝሃሰዩ ተግባራትን ልምድታትን ንምክትታል ብውህደት ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጹ።

---

# ኣቑርደት - ኣብ ኣተኣላልያ ኣረጋውያን ዘተኮረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ንዘጠቓለሉ ኣባላት ኮሚተ ተሃድሶ ሰንኩላን፡ ኣብ ኣተኣላልያ ሰንኩላን፡ ኣረጋውያንን ጸገማትን ዘተኩረ ኣስተምህሮ ወሃቡ።

ኣብ'ቲ ጨንፈር ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ድሕነት ኣቶ መንግስ ጉብረኪዳን፡ ኑቲ መደብ ክሳብ ምምሕዳራት ከባቢን ዓድታትን ብምውራድ፡ ኣብ ኣተኣላልያ ሰንኩላን፡ ኣረጋውያንን ጸገማትን መሰረታዊ ለውጢ ንምምጻእ ዝሕግዝ ኣገባብት ተኣታትዩ ይሰርሕ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ እቲ ኣስተምህሮ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ኣረዲኡ።

ተጸዋዒት ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ወ/ሮ ታቦቱ ንጉሰ ብወገና፡ ንጥፈታት ኮሚተ ኮም ዝሰረቱ ተሃድሶን ልምዓትን ኣሐዩልካ፡ ሰንኩላን፡ ኣረጋውያንን ጸገማትን ዘድሊ ናብዮት ዝረኽቡሉ ባይታ ምፍጣር፡ ንዝተወሰኑ ኣካላት ጥራይ ዝግደፍ ዕማም ስለዘይኮነ፡ ኮሚተታት ብንቕሓት ክዋስኣ ጸዊዓ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ኣቶ ኢሳቕ ጥዑም ድማ፡ እቲ ንሽማግለታት ኮሚተ ኮም ዝሰረቱ ተሃድሶን ልምዓትን ኣብ ዓድታትን ምምሕዳራት ከባቢን ዝወሃብ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ምሕያል ንጥፈታት ኮሚተ ልዑል ኣስተዋጽኦ ስለዝህልዎ ክድፋኣሉ ኣተሓሳሰቡ።

---

# ፎርቶ ሳዋ - ኣብ ንግዳዊ ትካላት ዝግበር ቁጽጽር ኣስተዋጽኦ ይገብር



ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ ብምውህሃድ ዝምልከቶም ኣካላት ኣብ ንግዳዊ ትካላት ዝካየድ ዘሎ ቁጽጽር፡ ኣብ ምርግጋጽ ብቑዓትን ርትዓውነትን ኣገልግሎትን ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ ተገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ሓውሲ ከተማ ፎርቶ-ሳዋ ኣቶ መንሱር ዑስማን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ንግዳዊ ትካላትን ካልኦት ወሃብቲ ኣገልግሎትን ብሕግን መምርሒታትን ቤት-ጽሕፈት ፍቓድ ዋጋን ንግድን ተማእዚዞን ክካየዱ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ጥዕና ተገልገልቲ ኣሉታዊ ሳዕቤን ዘኸትል ሃለኽቲ ከወግዳን ጽፉፍ ኣገልግሎት ክህባን ኣስተምህሮታት ከምዝወሃብን ቁጽጽር ከምዝካየድን ብምጥቃስ፡ ጉድለት ዝተረኽበን ስጉምቲ ከምዝወሰደን ኣብሪሁ።

ኣባል ሕግን ስርዓትን ኣቶ ወልዱ ዓንዶም ብወገኑ፡ ኣብ ንግዳዊ ትካላት ብዝግበር ወቕታዊ ተፍትሽ፡ ናይ ተጠቃምነት ዕለቱ ዝወደቐ ሃለኽቲ ሒዘን ንዝጸንሓ ትካላት፡ ገንዘባዊ መቕጻዕትን ከቢድ መጠንቀቕታን ከምዝተበየነለን ብምሕባር፡ ወገንቲ ትካላት ካብ ዘይሓላፍነታውን ዘይሕጋውን ተግባራት ክሕለቡ፣ ተገልገልቲ ድማ ጥንቃቐ ክገብሩ ተላቢዩ።

ወኪል ንግድን ኢንዳስትሪን ኣቶ ንጉሰ ግርማይ ድማ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ 2025 ጥራይ 111 ሓድሽ ፍቓድ ንግዲ ከምእተዋህበ፣ ካብ መምርሒታት ፍቓድ ንግዲ ወጻኢ ክካየዱ ዝተረኽቡ ውልቀ ነጋዶን ትካላትን ንምእራም ሕጋዊ ስጉምቲ ከምእተወስደ፣ እዚ ድማ ውሑስን ርትዓውን ኣቕርቦት ክህሉ ከምዝሓገዘ ኣረዲኡ።

## ሓበሬታ

ብዛዕባ ምስራቕ ሂላል ወርሒ ሸዋል 1447/2026

ሂላል ወርሒ ሸዋል፡ ረቡዕ 29 ሮሞዳን 1447 ሂጅሪያ ማለት 18 መጋቢት 2026 ክትሰርቕ ትጽቢት ይግበር። ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ዕለት ምስራቓ ምስ ዝረጋገጽ፡ ሓሙስ ባዕቲ ወርሒ ሸዋል 1447/19 መጋቢት 2026 ዒድ ኣልፈጥር ይኸውን። ምስ ዘይረጋገጽ ግና፡ ዒድ ኣልፈጥር ዓርቢ 20 መጋቢት 2026 ይውዕል። ስለ'ዚ፡ ኩሎም ኣመንቲ፡ ማዕከናት ዜና ሃገርና ክከታተሉ ነዘኻኽር።

**ርሑስ ዒድ!**

**ቤት-ጽሕፈት ኢፍታእን እስላማዊ ጉዳያትን**

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቁልዑ |
| 09:40 | ዶክመንታሪ |
| 10:05 | ፓኖራማ |
| 10:25 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ሰነዳዊት ፊልም - ሓቅን ጽውጽዋይን ፊት ንፊት 1ይ ክፋል (ድግማ) |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 16:00 | መደብ ኣከባቢ |
| 18:00 | ሳይዳ |
| 18:40 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ዳምር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ኮርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## 10 ተስላ 2ይ

## “ስነ ፍልጠታዊ ፈጣሪ” ዘብሎ ምኽንያታት


ኒኮላስ ተስላ ብ1856 ኣብ ክሮሽያ ዝተወልደ መሃዚን መሃንድስን እዩ። ክልተኦም ወለዱ መበቆል ሰርብያ ነበሮም። ኣቦኡ ሚሉቲን ገጣምን ጸሓፍን'ኳ እንተ ነበረ፡ ዝያዳ ነቲ ዘፍቅሮ ኦርቶዶክስ ሃይማኖት ካህን ኮይኑ የገልግል ነበረ። ተስላ፡ ኣብ ንኡስ ዕድመኡ ኣብ ናይ ኣቦኡ ቤት መጽሓፍቲ ምእታው ይፈቱ ነበረ። ኣደኡ - ጁካ - ናይ ገዛን ሕርሻን ባዕላ ተጣምር ጸዕራም ሰበይቲ ነበረት። ብዙሕ ተውህቦ ዝነበራ ኣደኡ፡ ንናብራ ገዛኣ ዘቃልለላ መገዲ ካብ ምፍጣር ዓዲ ውዒላ ኣይተፈልጥን። ንኣብነት፡ እንቋቑሖ እትወቅዓላ ማሽን ክትሰርሕ ክኢላ'ያ። ተስላ ድማ ኣብ ኩሉ ምህዞኡ ናይ ኣደኡ ክብሪ ይገልጽ ነበረ።

ተስላ ትምህርቲ ኣብ ግዝኡ'ዩ ክከታተል ዝጀመረ። ንኢንተግራል ኳልኩላስ ኣብ ኣእምሮኡ ክሰላሰል ምስ ጀመረ'ዩ ብዓል ሕልፊ ብልሒ ምዃኑ ክግንዘቡ ዝጀመሩ። መምህራኑ ቀዲሑ ይምልሶ ከም ዘሎ እምበር፡ ኣብ ኣእምሮኡ ኣሰላሲሉ ዝሰርሖ ይመስሎም ኣይነበረን። ሓደ ግዜ ኣብ ዕድመ ንእስነቱ እንከሎ፡ ሓደ መዓልቲ ኣሜሪካ ከይዱ ሃይድሮሊክ መመንጨዊ ጸዓት ክሰርሕ ከም ዝብህግ ንኣኮኡ ገሊጹሉ ነበረ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት ንተስላ “ፈጣሪ ስነ ፍልጠት” ካብ ዘብሎ ነጥብታት ሓደ 'ኣዕሚቑ ናይ ምርኣይ ክእለቱ' ኣቕሪብና ነይርና። ንሎሚ ከኣ ካልኣይ ነጥቢ ቀሪብና ኣለና።

### 2. ኩሉ ግዜ ብዓል ዓቢ ሕልሚ ምንባሩ

ከም ኩሎም ንዓለም ዝቐየሩ መሃዝቲ፡ ኒኮላስ ተስላ'ውን ብዓል ዓቢ ራኢ እዩ ዝነበረ። ራኢኡን ሕልሙን ነቶም ዝቐደሙ ፈላጣት ክገልጸሎምን ከእምኖምን እንከሎ፡ ሓሳቡ፡ ስርሑን መደቡን ብልሙጽ መገዲ ይኸይዱ። ብ1893 ኣብ 'ኮሎብያውያን ዓለም' ዝተሰምየ ኤክስፖ ቺካጎ ዘቕረቦ ወረቐት፡ ንተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ (alternating current) ዝገልጽ ነበረ። ኣብ ተመሳሳሊ ዕዮ ንዘይቀያየር ዋሕዚ ኤለክትሪክ (Direct current) ሒዙ ዝቐረበ ከኣ ቶማስ ኣልባ ኤድሰን ነበረ።



ዘይቀያየር ዋሕዚ ኤለክትሪክ; ማዕበላዊ ምንቅስቓስ ዘሎዎ መልክዕ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ኩይኑ፡ ካብ እወታዊ ጫፍ ናብ ኣሉታዊ ጫፍ (+ve peak and –ve peak) እናተቐያየረ ዝምሓላለፍ ኤለክትሪክ እዩ። እቲ ካብ መመንጨዊ ሓይሊ ኤለክትሪክ ሕርጊን እንረኽቦ ኤለክትሪክሲቲ ዝቀያየር ዋሕዚ ኤለክትሪክ'ዩ። ካብ +220V ናብ -220V እናተለዋወጠ ኢና እንረኽቦ። ዘይቀየር ዋሕዚ ኤለክትሪክ ከኣ ሓደ ቀዋሚ ዓቐን ሓይሊ ኤለክትሪክ ኩይኑ፡ ኣብ ሰጥ ዝበለ መስመር ዝምሓላለፍ ኣገባብ ዋሕዚ ኤለክትሪክ እዩ። እዚ ዓይነት ዋሕዚ ኤለክትሪክ ካብ ባተሪ እንረኽቦ ዓይነት ዋሕዚ ኤለክትሪክ እዩ። ብተወሳኺ፡ ካብ ኩሎም ብልምዲ 'ቻርጀር' እንብሎም መሳርሒታት እንረኽቦ ውጽኢት ዘይቀያየር ዋሕዚ ኤለክትሪክ እዩ። ንኣብነት፡ ባተሪ +1.5V ወይ -1.5V ክህሉዋ ይኽእል። ከም ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ናብ ክልቲኡ እናተመላለሰ ዝኸይድ ኣይኮነን። እዞም ክልተ ዓበይቲ ስነ ፍልጠተኛታት እምበኣር፡ ነዚ ክልቲኡ መልክዓት ወይ ኣገባባት ዋሕዚ ኤለክትሪክ ሒዞም'ዮም ኣብ ቅድሚ ዝቐደሙን ዝደሓሩን ፈላጣትን ህዝብን ቀሪቦም።

ዓለም ኣቐዲማ ንስታቲክ ኤለክትሪክሲቲ ተደኒቓትሉ ነይራ እያ። እዞም ዓበይቲ መሃዝቲ ከኣ ንክልቲኡ መልክዓት ዋሕዚ ኤለክትሪክ ሒዞም ክቐርቡ እንከለው፡ ምሉእ ኣድህቦ ናይቲ ኤክስፖ ክሰርቁ ክኣሉ። ኣብዚ ኣጋጣሚ ዝያዳ ደገፍ ዝረኸበ፡ እቲ ንተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ሒዙ ዝቐረበ ኒኮላስ ተስላ ነበረ። እዚ ኣጋጣሚ፡ 'እቲ ኩናት ዋሕዚ ኤለክትሪክ' (the War of the Currents) ዝፍለጥ ዝነበረ ምትህልላኽ፡ ንተስላ ከም ነጥበ መቐይሮ ክኸውን ከኣለ። ነቲ ካብ ንእስነቱ ኣትሒዙ ምስኡ ዝዓበየ፡ ኣዝዩ ብኣገዳስነትን ተመስጦን ካብ ልቡ ዘይርሓቐ ሕልሙ ኣነቓቒሑዎ። ካብ ንእስነቱ ጀሚሩ ካብ ኒኣጀርያ መንጨዕጫዕታ ሓይሊ ኤለክትሪክ ከመንጩ ይብህግ ነይሩ'ዩ።

ከም ሓሳቡን ሕልሙን ከኣ ኩነሉ። ነዚ ዘስርሕ መሳርሒታት ንምድላው ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ። ዝበዝሐ ደገፍቱ ከኣ “እምበርዶ ናይ ተስላ ሃይድሮ ኤለክትሪክ ማሽናት ክሰርሕ ድዩ፧” ኢሎም ተሻቐሉ።




ተስላ ግን ፍጹም ኣይተሻቐለን። ብ16 ሕዳር 1896 ልክዕ ፍርቂ ለይቲ ቦፎሎ ኣብ ዝተባህለ ቦታ (ካብ ኒውዮርክ 21 ኪሎሜትሮ)፡ እታ ክትሰርሕ ድያ ኣይክትሰርሕ ተባሂሉ ኣብ መዋጥርን ሻቕሎትን ዘእተወት መደበር ንኽትፍተን ሰዊች ተጠወቐት። ናይ ተስላ ናይ ንእስነት ሕልሙ ከኣ ጋህዲ ኰነ። እዚ መመንጨዊ ጸዓት ጸኒሑ፡ 644 ኪሎ ሜትሮ ካብ ኒውዮርክ ብምርሓቕ ኣዕቢዩ ተደኺኑ ይርከብ።

ሕልሚ ተስላ በዛ ናይ ንእስነቱ ሕልሚ ኣየብቅዐን። ሓበሬታ ብመገዲ ጸዓት ንዓለም ምሉእ ክዝርግሓሉ ዝኽእል ሕልሚ ሓደሮ። ንኹነታት ኣየር ብኤለክትሪክሲቲ ከም ድላዩ ክቈጻጸሮን ከነቓቕሖን ዝኽእለሉ መገዲ ሓሳብ ኣቕረበ። እዚ ሓሳብ ምስቶም ቀዳሞት ንግሎባዊ ስልኪ ኣልቦ ስርዓት ርክብ ዝመርሑ ዓበይቲ ሓሳባት ይቕጸር። ነዚ ሓሳብ ዝተቐበሉ ስነ ፍልጠተኛታት ንመዋሊ ጀይ.ፒ. ሞርጋን፡ “ስልኪ ኣልቦ ምሉእ ብምሉእ ምስ ተኣታተወ፡ ዓለም ናብ ሓደ ዓቢ ኣእምሮ ክትቅየር እያ፡” ብምባል ገለጹሉ። ኣእምሮና ንነፍሲ ወከፍ ክፍል ኣካላትና'ዩ ዝቈጻጸር። ነዚ ዝሕግዝ ስርዓት፡ ስርዓተ መትኒ ይብሃል። “ዓለም'ውን ከም ኣእምሮና ኰይና ንነፍሲ ወከፍ ክፋል ኣካላ ሻቡ ክትቈጻጸርን መልእኽቲ ከተምሓላልፍን ክትክእል እያ፡” ብምባል እዮም ተነብዮም። እዚ ካባቢ ቅድሚ 100 ዓመት ዝተዘርበ ትንቢት ዝኾነዶ ይመስለኩም፧ መልስኹም ብዘየገድስ፡ ተስላ ኩሉ ግዜ ብዓል ዓቢ ሕልሚ ምንባሩ ከርኢ ዝኽእል እኹል መርትዖ እዩ።

***

እቶም ኣንጻር ተስላ ዝጉስጉሱ፡ “ቀታሊ ጩራ” ዝበሉዎ፡ ተስላ ግና ‘ጩራ ሰላም’ ዝበሎ ርኽበት እንታይ ነበረ፧

ርኽበት ተስላ ኣብ ልዕሊ ናይ ኤዲሰን ክዕብልል ድዩ፧ ...

### ናዕ ተለካ፡ ‘ኩቲ ዓቢ ሰማያዊ ባተሪ’

ተስላ ንዝለዓለ ምድግጋም (ፍሪኳንሲ) ኤለክትሪክሲቲ ከጽንዕ እንከሎ፡ እቲ ጸዓት ናብ ዓለም ምሉእ ዝምሓላለፈሉ መገዲ ናይ ምፍጣር ሕቶኡ “ተስላ ጥናግ” (Tesla coil) ክምህዝ ኣኽኢሉዎ። እዚ ጥናግ ወይ ዝተጠምጠመ ገመድ ኤለክትሪክ ልዑል ፍሪኳንሲ ዘሎዎ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ዝፈጥር እዩ። ብዘይካ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ንሬድዮ ዝፈጥር'ውን እዩ። ተስላ መሬት ንባዕላ ጸዓት ተምሓላልፍ ትኽእል ምዃና ምስ ፈለጠ፡ ንዓለም ምሉእ ዘበጽሓ መደበር ሓይሊ ኤለክትሪክ ክሰርሕ መደበ።



ተስላ ጥናግ

## ሕንቲኽቲኽ

ሕንቲኽቲኽ ኩብሉና እንከለው ስለምንታይ ኢና ንስሕቕ፧ ንነብስና ባዕልና ሕንቲኽቲኽ ኣቢልናያ ግን ዘይንስሕቕ፧ ኣብ ክፍልኹም ሕንቲኽቲኽ ኣቢልካዮም ብዘይ ልቦም ዝተሃራረሙ ኣለውዶ፧

ሓንጎልና ክመምዮ ዝግባእ፡ ደጋውን ውሽጣውን ዝለዓለና ድርኺት ኣሎ። እቲ ናይ መጀመርታ ብዘይ ምስትውዓል ዝሓልፍ ኣሎ። ናይ ድምጺ ሳጹንና ክንዛረብ እንከለና ኣይትፍለጠናን እያ፣ መልሓስና ክንሕይኽ እንከለና ክትንቀሳቐስ ኣይትፍለጠናን እያ፣ ንነብስና ሕንቲኽቲኽ ኣቢልናያ'ውን ለውጢ ኣየምጻልናን እዩ።

ሰብ ሕንቲኽቲኽ ኩብለና እንከሎ ንስሕቕ ኢና። ሕንቲኽቲኽ ኩብሉና እንከለው ዘስምዓና ስምዒት ናብ ህውኽ ጸቕጢ ዘሎዎ ስምዒት ይወስደና። ሰሓቕና ከኣ ናቱ ግብረ መልሲ እዩ። ገለ ሰባት ብድሕሪኦም ወይ ኣብ ጉድኖም ክንትንክፎም እንከለና ብወጀሃላይ ኢዶም ሰዲዶም ዝግጽቡና ኣለው። እዚ ባህሪ'ዚ መጠኑ ደኣ ይፈላለ ይኸውን'ምበር ኣብ ኩሉ ሰብ ዝርአ'ዩ። እቶም ኣይንተሃራረምን ኢና እንብል ምስ ሃንደበትነት ካልእ ስጉምቲ ንወስድ ኢና። እዚ ካብቶም ኣብ በዓትታት ዝነብሩ ዝነበሩ ጥንታውያን ሰብ ዝማዕበለ ናይ ምክልኻል መካኒዝም ክኸውን ከም ዝኽእል ይግለጽ።

ንነብስና ባዕልና ሕንቲኽቲኽ ከነብላ ኣብ እንፍትነሉ ግዜ ዝስምዓና ስምዒት የለን፣ ስለዚ፡ ዝመጽእ ግብረ መልሲ ከኣ የለን። ነቲ ብዘይ ቊጽጽርና ግብረ መልሲ ክንህብ ዘገድደና ድርኺት ዝከላኸል ኣካል ሓንጎልና ‘ሰረበሉም’ እዩ። ‘ሰረበሉም’ ምስ ናይ ስምዒት ህዋሳትና ዝተኣሳሰር ምንቅስቓስ ዝቕበልን ዝቈጻጸርን ክፋል ሓንጎልና እዩ። ነዚ ዝምልከት ኣብ ዝተገብረ መጽናዕቲ ን‘ሰረበሉምና’ ኣሸኪዕና ነብስና ባዕልና ከነስሕቓ ከም እንኽእል'ዩ ዝገልጽ። ኣብ ምንቅስቓስ ኣእዳውናን ሕንቲኽቲኽ ምባልን ናይ 200 ሚሊ ካልኢት (0.2 ካልኢት) ጥራይ ፍልልይ ክህሉ ኣሎዎ። እዚ ክኸውን ዝኽእል ከም ኣእዳውና ዘገልግል ‘ሪሞት ኮንትሮል’ ምስ ዝህሉ'ዩ። ብ‘ሪሞት ኮንትሮል’ እንተ ዘይተኻኢሉ፡ ባዕልና ብእንቋጻጸሮ ሮቦት ነብስና ሕንቲኽቲኽ ከነብላ ንኽእል ኢና።

ተማ. ሳቢት ሙስጦፋ

### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

“ስእነት፡ ኣደ ምህዞን ፈጠራውነትን እያ።”

- Aesop

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ሚኒስትሪ ሕርሻ
## ኣብ ጽንብል ዓለምለኻዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ

ዓለምለኻዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ዓመታዊ ኣብ ዕለት 8 መጋቢት እትጽንበል ድምቕትን ኣገዳሲትን ዕለት እያ። ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ድማ ንኽብርታተን ዘስተማቕራላን ብዝለዓለ ኣብ ህንጸት ሃገር ንምስታፍ ድማ መብጽዓአን ዘሐድሳላን መዓልቲ እያ። ኣብ ኤርትራ፡ መሰልን ማዕርነትን ጓለ ኣንስተይቲ፡ ኣብ መሪር ቃልሲ ብመስዋእቲ ዝተረጋገጸን ብንጡፍ ተሳትፎ ኣብ ህንጸት ሃገር ደሚቑ ዝተኣኻለዐን ክዉንነት እዩ። "ማዕርነት፡ ብተሳታፍነት ኣብ ስራሕ" ዝብል መሪሕ ጭርሖ ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ዝጀመረን ኣብ ናጻ ኤርትራ ድማ እምነ ኩርናዕ ኩሉ መዳያዊ ጉዕዞ ደቀንስትዮ ኰይኑ ዝቕጽል ዘሎን እዩ። ብዘይ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ዝውቃዕ ዕላማ ከምዘየሎ፡ ደቀንስትዮ ኤርትራ ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ተሰሪዐን ኣብ ምምጻእ ናጽነት ብዘካየዳኦ ቃልስን ዘርኣያኦ ጽንዓትን ኣበርክቶን ኣመስኪረን እየን።

እዛ ዓመት መጸ ኣብ 8 መጋቢት እትዝከር ዓለምለኻዊት መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሎሚ ዓመት ብደረጃ ዓለም፡ "ምርግጋጽ መሰል፡ ፍትሕን ግብርን ንኹላተን ደቂ ኣንስትዮ"፡ ብደረጃ ሃገርና ድማ "ክብርታትና፡ ዋልታና!" ብዝብል ቴማ ምዝካራ ይፍለጥ። ኣባላት ጨንፈር ሃማደኤ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብ5 መጋቢት 2026 ኣብ ከተማ ኣስመራ ኣዳራሽ ኤክስፖ ወግዓዊ ጽንብል ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ብልዑል ማዕርግ ጸንቢለን።
ኣብቲ ወግዓዊ ስነ-ስርዓት ድማ፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ፕረዚደንት ሃማደኤ፡ ኣቦ መንበር ሃማመተኤ፡ ወኪል ውድብ መግብን ሕርሻን፡ ወከልቲ ፕሮግራም ልምዓት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፡ ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ፡ ሓለፍቲ ክፍልታትን ጨናፍርን እቲ ሚኒስትሪ፡ መሻርኽቲ ኣካላትን ዕዱማት ኣጋይሽን ኣባላት እቲ ማሕበርን ተሳተፍቲ ነይሮም።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ሚኒስተር ኣረፋይነ በርሀ ኣብ ዘሰምዖ ቓል፡ ኣብቲ ጽንብል ንዝተረኸቡ ፕረዚደንት ሃማደኤ፡ ኣቦ መንበር ሃማመተኤ፡ ወኪል ውድብ መግብን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ከምኡ'ውን ንኹሎም መሻርኽትን ዕዱማትን ድሕሪ ምምስጋን፡ ንኹለን ደቂ ኣንስትዮ ናብዚ ክቡር በዓል ብምብቀዐን "ዮሃና!" ኢሉ። ንሱ ኣስዒቡ፡ ኣግእዞ ደቀንስትዮ ብኹለንተናኡ ክረጋገጽ እንተኾይኑ፡ ከም ወትሩ ጥምረትናን ሓድነትናን ጸኒዑ ክቕጽል ከም ዘድሊ ኣስሚሩሉ። ሚኒስተር ኣረፋይነ ኣብ መወዳእታ፡ ደቀንስትዮ ሚኒስትሪ ሕርሻ ከም ሞያውያን፡ ነቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣበጊስዎ ዘሎ "ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!" ዝብል መርሓ ጎደና፡ ኣብ እዋኑን ብምልኣትን ንምርግጋጽ፡ እጃመን ከሐይላ ከም ዝግባእ ኣዘኻኺሩ።

ወ/ሮ ሰናይት መሓሪ፡ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማደኤ፡ ሓላፊት ማሕበራውን ቁጠባውን ኣገልግሎት ብወገና ኣብ ዘሰምዓቶ ቓል፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ንኣባላቱ ንዝፈጥሮ ዘሎ ኩለንተናዊ ዕድላት ብምምስጋን፡ ሕቶ ማዕርነት ደቀንስትዮ ብምልኣት ኣብ ግብሪ ንምትርጓም፡ ተሳትፎ ናይ ኩሉ ኣካል ከም ዘድሊ ጠቒሳ። ኣባላት ደቀንስትዮ ሚኒስትሪ ሕርሻ ድማ ኣፍራይነት ብምዕባይ፡ ባህርያውን መኣዛውን ፍርያት ኣብ ምስሳን፡ ብቐንዱ ድማ እቲ እንምገቦ ባዕልና ንምፍራይ ዝጻወታኦ ዘለዋ ተራ ልዑል ምዃኑን ብዝለዓለ ወንን ሞያዊ ብቕዓትን ድማ ክደፍኣሉን ከም ዝግባእ ኣዘኻኺራ።

ኣደ መንበር ጨንፈር ሃማደኤ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ወ/ት ሄራን ዮሴፍ ብወገና ኣብ ዘሰምዓቶ መደረ፡ 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ፡ ብደረጃ ዓለም ኣንጻር ኩሎም ዓለምለኻውያን ዕንቅፋታት፡ ምርግጋጽ ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ፡ ማለት ኣድልዎ ዘሎዎ ድንጋጌታት፡ ድኹም ሕጋዊ ውሕስነት፡ ጉዳእቲ ልምድታትን መሰላት ደቂ ኣንስትዮ ዝጻብኡ ካልኦት ማሕበራውያን ኣካይዳታትን ክትዝከር እንከላ፡ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣንጻር ኩሉ ብድሆታት እናገጠማ ጽንዓት ኤርትራዊ መትከል ንልምዓት ብግብሪ የመስክራ ከም ዘለዋ ገሊጻ። ወ/ት ሄራን ኣስዒባ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ድማ ብፍላይ፡ ንመትከላትን ኣድማዕነትን ጽላት ሕርሻ ዝያዳ ንቕድሚት ዝድርኽ ኣበርክቶ ንኽህልዋን ኣብ ዝሕተታሉ ዘለዋ እዋን፡ ነቲ 'ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!' ዝብል መርሓ ጉደና ንምርግጋጽ ዘሎወንን ክህልወን ዝግባእን ወሳኒ ሱታፌ መተካእታ ከም ዘይብሉን ብምዝኽኻር፡ ዝያዳ ክተባብዓ ከም ዘሎወን ገሊጻ።

ንሳ ወሲኻ፡ ደቂ ኣንስትዮ ሚኒስትሪ ሕርሻ ከም ክኢላታት፡ ኣማኸርቲ፡ መሃዝትን ሰናዕትን ዘመናዊ ሕርሻዊ ምህዞታትን ኰይነን ክቕጽላ ዘለዋ ዓቢ እምንቶ ገሊጻ። ኣብ መወዳእታ ወ/ት ሄራን፡ ከም ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ በቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዘውጽኦ ጥቡቕ ክትትልን ገምጋምን ዝጠልብ መርሓ ጉደና እናተቐለሳ፡ 'ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ! ንምውሓስ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ሃገራዊ ጻዕሪ ዕቱባት ኰይነን ንኽበርክታ መጽዐአን ከሐድሳ ጸውዒታ ኣቕሪባ። መስርሕ ማዕርነት፡ ሕዙእ ወይ ናይ ኮታ ሱታፌ ስለ ዘይኮነ፡ ብዘጥረያኦ መሪሕነታዊ፡ ክኢላውን ካልእን ዓቕመን ብግብራዊ ስራሕ ደጊመን ደጋጊመን ከመስክራ ከም ዝግባእ ብምልባው ድማ መደረአ ደምዲማ። እቲ ብውዕዉዕ ኣገባብ ዝተጸንበለ በዓል፡ ንኽብርታት ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮን ዕዙዝ ኣበርክቶአንን ብዝገልጹ እተፈላለዩ ስነ ጥበባዊ መሰናድኦታት ከም ግጥምታት፡ ደርፍታትን ድራማን ተሰንዩ እዩ ተኻይዱ። ብዘይካ'ዚ፡ ንነዊሕ ዓመታት ብትግሃትን ተወፋይነትን ኣብቲ ሚኒስትሪ ዝሰርሓ ገዳይም ሰራሕተኛታት ደቀንስትዮ፡ ናይ ምስጋናን ኣፍልጦን ወረቐት ምስክር ካብ ኢድ ክቡር ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀን ካልኦት ሓለፍትን ተቐቢለን።

"ክብርታትና ዋልታና!"
ስምኦን ሓጕስ
ጨ/ህ/ርክባት - ሚ/ሪ ሕርሻ







### ቀመም ፍረ-ጻዕሪ

### "ቅሰኒ ኣደ ሓየት"

ሓድሽ ሓይሊ ሒዝኪ ዝነቐልኪ
ርኢኺ መሚኺ ንኹሉ ኩሓሒልኪ
ነግ ፈረግ ዘይብሉ ተበግሶ ዝወሰድኪ
ትርግታ ልቢ ኹሉ፡ ኣብ ሓደ ዘስመርኪ፣
ማሕለኻ ሰጊርኪ ተጻዊርኪ ንኹሉ
ዕንደራ ካልኦት ከይተገደስክሉ
ርቡሕ ኣተሓሳስባ ዘሰረጽኪ ኣብ ኩሉ
ነቲ ትደልዮ፡ ክትርእዮ እንድኣሉ
ትኽስ ንኽይንብል ነቑሕና ክንዓየሉ፣
ማሕበራዊ ጭኮና ሰጊርኪ
ኣንጻር መግዛእቲ ዝተሰለፍኪ
ኣድልዎ ሰዒርኪ ተጊህኪ ዝሰራሕኪ
መን'ያ'ሞ ከማኺ ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ።

ተባዕ ኣደ ጅግና ንባዕላ ውን ጅግና
ሓቦ ተሰንቕ ንኹሉ ኣካዊና
ድንብርጽ ዘይብላ ዘረባ፡ ዘትርፍ ካብ ዋኒና
ንቕድሚት ትግስግስ ከም ትዕወት ኣሚና፣
ከማኺ'ኮ የላን ኣደ ጅግና ሓየት
ሓሊፍክዮ'ንዲኺ እቲ ጽንኩር ኩነት
ውሉዳትኪ'ንድዮም ኣምጺኦም ናጽነት
ምስኦም ተሰሊፍኪ ፈጺምኪ ጅግንነት
ኣይከሕፍረክንየ ኣነ'ውን ክቕጽሎ ኣደነት፣

ንስኺ ኢኺ ምስለይ ምስሊ ናይዚ ዓወት
ሳላኺ ተበሲረ መሰል ማዕርነት
ኣሰርኪ ክኽተል ተቢዐ ብጽንዓት
ብድሆ ሰጊረ ክቃለስ ብትብዓት፣
ሕጂ'ውን ቀጽልዮ ናይ ዓለም ኣብነት
ብቓልስኺ'ዩ ተረኺቡ መስተርሆት
ኣስኒቕክኒ ኣለኺ ኒሕ ምስ ሓቦነት
ክዕቅቦ'የ ድማ ኣነ ንዘንት-እለት።

ሶልያና መሓሪ
(ማ/ቤ/ጽ ሚኒስትሪ ሕርሻ)

**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!**

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07182662 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# ኣጽዋር - ምርቓን መርገምን ደቂ-ሰብ

እዮቤል ጽገሃንስ

2ይ ክፋል

ኣብ ታሪኽ ስሙ ድሙቕ'ዩ። ዓለም ካብ ዝረኣየቶም ከዋኽብቲ ኩናት ሓደ እዩ። ዝተገናጸፎ ዓወታት መወዳድርቲ ክትረኽበሉ ትጽገም። ካብ ግሪኽ ተበጊሱ ኣብ ውሽጢ. ሓጺር እዋን፣ ናይ ሎሚ ሶርያን ኢራንን ዝርከብኦ ማእከላይ ምብራቕ ተቖጻጺሩ፣ ክሳዕ ማእከላይ ባሕሪ ዘሎ ሰፊሕ ክፋል ሰሜን ኣፍሪቃ ብዘደንቕ ወተሃደራዊ ብቕዓት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ኣእትዩ፣ ንምብራቕ ገስጊሱ ክሳብ ፓኪስታን፡ ኣፍጋኒስታንን ህንድን ብምግባጥ ግዝኣቱ ከስፍሕ በቒዑ። ኣብተን 12 ዓመታት ዕድመ ስልጣኑ፡ ብዘየቋርጽ ወራራት ዓለም ኣጨኒቑ። ተራእዩ ዘይፈልጥ ሰፊሕ ግዝኣት ወኒኑ፡ ንታሪኽ ዓለም ካልእ ኣንፈት ከትሕዝ ክኢሉ። ወዲ ንጉስ ፍሊፕ II ናይ መቀዶንያ - ኣሌክሳንደር ዓ.ብ።

ወዲ 20 ዓመት ዘውዲ ዝደፍአ ኣሌክሳንደር ዓ.ብ፣ ኣብ ጉዕዞ ህይወቱ ተቡተብ ዝብል ዝነበረ እንክመስል፡ ስልጣን ድሕሪ ምርካቡ ብኡንብኡ ወራር ጀሚሩ። 8 ዓመታት ምሉእ ዓለም ዘገረመ ወተሃደራዊ ተኣምራት ፈጺሙ'ዩ ኣብ ንእሱ ዕድመኡ ኣብ መበል 32 ዓሙቱ ብሕማም ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩ። ዋላ'ኳ ዕድመ ዘይጸገበ ንእሽተይ መራሒ. ይኹን፣ ቡቲ መወዳድርቲ ዘይተረኽቦ ግዙፍ ዓወታቱ "ኣሌክሳንደር ዓ.ብ." ክበሃል በቒዑ እዩ። ኣብዛ ዓለም 32 ዓመታት ጥራይ ጌይሩ ን300 ዓመት ዝቐጸለ ናይቲ እዋን'ቲ ዝዓበየ ግዝኣት ዝመስረተ መራሒ.'ዩ ነይሩ። ድሕሪ ሞቱ ዝነበረ 'ሄለናዊ ዘመን' ተባሂሉ ዝጽዋዕ 300 ዓመታት ብግሪኻውያን ዝተዓብለለ ኮይኑ፣ 'ነጥበ መቐይሮ ምዕራባዊ ስልጣኔ' ክበሃል ብዘኽኣል መጠን ንመልክዕ ታሪኽ ለዋዊጡዎ እዩ። እዚ እዋን'ዚ፡ ጽልዋ ግሪኽ ኣብ ጥርዚ. ዝበጽሓሉ ዘመን ብልጽግና ኮይኑ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ፍልጠት ዝተበጽሐ ምዕባለ'ውን ግዙፍ'ዩ። ኣብ ዓውድታት ስነፍልጠት፣ ስነቁጽሪ፣ ስነጽሑፍ፣ ስነጥበብ፣ ስነህንጻ፣ ትያትር፣ መዚቃን ፍልስፍናን ዝተበጽሐ ምዕባለ ዘደንቕ'ዩ። ግሪኻውያን ኩሉ መዳያዊ ጽልዋኦም ኣሐዩሎም፣ ካቡዮም ዝቆጻጸሩዎም ዝነበሩ ኣህዛብ ዝቐሰሙዎ ተወሳኺ. ፍልጠትን ጥበብን ደሪቦምሉ፡ ጥርዚ. ምዕባለ ክበጽሑ ክኢሎም። እዚ ንዓለም ምሉእ ዝጸለወ ምዕባለታት ናይ'ቲ ዘመን፣ ውጽኢት ወተሃደራዊ ዓወታት ኣሌክሳንደር ዓ.ብ. እዩ ነይሩ።

ኣሌክሳንደር ዓ.ብ. ዝመርሖ ዝነበረ ሰራዊት ብብዝሒ. ዘይኮነ ብብቕዓት እዩ ዝልለ። ብዝዕጥቆ ብሉጽ ኣጽዋር ከኣ። ዝዕጠቐ ኣጽዋር ምስ ዓይነትን ብዝሕን እቲ ዝዕጥቆ ሰራዊት ዝኸይድ ክኸውን ከምዝለዎ ብኣጋኡ ዝተገንዘበ ኣሌክሳንደር ዓ.ብ፣ ሰራዊቱ ሓደ ቀሊል ዝመስል ግን ድማ ውጽኢታውን ኣርዓድን መሳርሒ. ከም ዝዕጠቕ እዩ ገይሩ። እዚ መሳርሒ.'ዚ 6 ሜትሮ ዝቑመቱ ኣብ ጫፉ በሊሕ ሓጺን ዘለዎ "ሳሪሳ" ዝበሃል ነዊሕ ጭግራ እዩ። ምስጢር ናይዚ ንብረት'ዚ ኣብ ቁመቱ'ዩ። ኣዝዩ ነዊሕ ብምኳኑ ሰራዊት ዓጢቑዎ ክትርእዮ ጥራይ ደሃሊ. እዩ። ኑቲ ኣብ ፊቱ ዘሎ ጸላኢ. ስነኣእምሮኣዊ ጸቕጢ. ዝፈጥር ምኳኑ ቀዳማይ ብልጫኡ እዩ። ኣብ ውግእ'ውን ቁመቱ ካልእ ጥቕሚ ኣለዎ። እዚ ነዊሕ ጭግራ ዝዓጠቐ ሰራዊት፣ ተበግሶ ናይ ምውሳድ ብልጫ ኣብ ኢዱ'ዩ። ብመሰረቱ ደው ዝበለ ኣሽሓት ሰራዊት ኣብ ሓደ እዋን እዚ ጭግራ'ዚ ናብቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ጸላኢ. ኣቕኒዑ ኣብ ዘጥቅዓሉ፣ ኣብ ናይ ቋሕ ሰም ግዜ ኣሽሓት ጸላእቲ'ዩ ከም ቆጽሊ. ዘርግፍ። ምናልባት እዚ ጭግራ ዝዓጠቐ ሰራዊት ዋላ'ውን ኣብ ናይ ምክልኻል ስልቲ እንተ ሃልዩ፡ እዚ ጭግራ'ዚ ኣገልግሎቱ ዝኸኒ. ኣይተሳን። ንመጥቃዕቲ ተሃንዲዱ ዝመጽ ብዝሒ. ዘለዎ ጸላኢ. ምስዚ ነዊሕ ጭግራ ተላቲሙ'ዩ ዝወድቕ። እቲ እዚ ጭግራ'ዚ ሰጊሩ ዝሓልፍ ዝውሓደ ጸላኢ. ድማ ዕጫኡ ምስ ብቑጽሪ ዝተዓጻጸፍዎ ሴፋት ዝዓጠቑ ሰራዊት ምግጣም'ዩ ዝኸውን። ጭግራ 'ሳሪሳ' ዘይተመጣጠኒ. ወይ'ውን ዝተጋፍሐ ብዝሒ. ጸላኢ. ኣብ ዝህልወሉ ግዱም ዝኾነ ስራሕ እዩ ዝዓዪ። ቅድሚ ኢድ ብኢድ ግጥም ምጅማሩ ካብቲ እልቢ. ዘይብሉ ጸላኢ. ቀሊል ዘይኮነ ቁጽሪ ስለ ዝጉድል፣ እዚ መሳርሒ.'ዚ ኑቲ ዓጢቑዎ ዘሎ ወገን ዓ.ብ. ውዕለት'ዩ ዝኸፍል። ሚዛን ሓይሊ. ዘውድን መዝሓሊ. ማዕበል መጥቃዕትታት እዩ ክበሃል ይኽኣል።



ቀዳማይ ጭግራ 'ሳሪሳ' ካብ ዝተመስከረሎም ዓውደ ግጥማት ሓደ፣ ውግእ ኢሰስ እዩ። እዋኑ 5 ሕዳር 333 ቅ.ል.ክ ኮይኑ፡ እቲ ውግእ ኢሰስ ኣብ እትበሃል ኣብ ናይ ሎሚ ቱርኪ. እትርከብ ጥንታዊት ከተማ'ዩ ተኻዪዱ። እዚ ውግእ'ዚ ድሒሩ ታሪኻዊ ዝተባህለን ኑቲ ዝዓበየ ወፍርታት ኣሌክሳንደር ዓ.ብ. ብዝርሓወን ወሳኒ ግጥም'ዩ። "ክኣሊ-ኹሉ፡ ፍጹም ዘይእግሞ ንጉሰ ነገስት" እናተባህለ ዝነገረሉ ንጉስ ፐርሺያ፡ ዳርዮስ III (ሳልሳይ)፣ ንጥሙሕ ኣሌክሳንደር ዓ.ብ. ክቖጽጾ. እልቢ. ዘይብሉ ሰራዊት ሒዙ ተላዕለ። ብመሰረት ፕሉታርክ ከምኡ'ውን ኣርያን ዝተባህሉ ዓበይቲ ጥንታውያን ጸሓፍቲ፣ ዳርዮስ ሳልሳይ፣ ልዕሊ. ፍርቂ ሚልዮን ሰራዊት ኣኸቲቱ'ዩ ናብዚ. ግጥም'ዚ. ነቒሉ። (እዚ ቁጽሪ'ዚ ንብዙሓት ተመራመርቲ ታሪኽ ዘካትዕ ኮይኑ፣ ኣብቲ እዋን'ቲ ንልዕሊ. ሚእቲ ሽሕ ሰራዊት ክጸውር ዝኽእል ቀረብ ዕጥቅን ስንቅን ከተውሕስ ዝኽእል ከምዘይነበረ ብምሕባር፡ እዚ ቁጽሪ'ዚ "ኣዝዩ ዝተጋነ" ብምባል ውዱቕ ይገብርዎ። ዳርዮስ ሳልሳይ፡ ከባቢ. ሚእቲ ሽሕ ሰራዊት ሒዙ መጺኡ ክኸውን ከምዝኽእል ድማ ግምቶም ይህቡ።) በዚ ኮይኑ ቡቲ ግን፣ ናይ ዳርዮስ ሳልሳይ ብዝሒ. ሰራዊት ተዓጻጺፉ እዩ ነይሩ። ኣሌክሳንደር ዓ.ብ. ካብ ኣርብዓ ሽሕ ንላዕሊ ሰራዊት ከምዘይበጽሑ ዝፍለጥ እዩ። ኣሌክሳንደር ዓ.ብ. መለለዩኡ ንሱ'ዩ፡ ውሑድ ግን ድማ ብልምምድ ዝበሰለ ኣድማዒ. ሰራዊት። ዕጥቁ ከኣ ነዊሕ ጭግራ 'ሳሪሳ'። እዚ ጭግራ'ዚ ካብ እዋን ኣቦ ኣሌክሳንደር ዓ.ብ፡ ፊሊፕ II (ዳግማይ) ኣትሒዙ ኣብ መሳርዕ መቀዶንያውያን ዝተኣታተወ ኮይኑ፣ ልዑል ልምምድ ዝጠልብ እዩ። ብበውልቂ እትጥቀመሉ ዘይኮነ ብሓባር እተጥቅዓሉ ብሉጽ ንብረት ምኳኑ ድማ ኣብ ውግእ ኢሰስ ተመስኪሩ።

ዳርዮስ 3ይ ብዘበርሶ ጸብለልትነት ብዝሒ. ሰራዊቱ ሰኺሩ፣ ዓወት ዘይተርፍ ውጽኢት ናይቲ ውዕሎ ምኳኑ ኣቐዲሙ ደምደመ። ክሳብ ደቁን ሰበይቱን ዝርከቡዎም ኣባላት ስድራቤቱ ኑቲ "ዘይተርፍ ዓወት" ዝበሎ ብዓይናም ክርእዩዎ ናብቲ ቦታ ውግእ ሐዙዎም መጹ። ውግእ ተጀመረ። ግን ድማ ክልቲኦም ወገናት ኣብ ዘይተጸበዩዎ ቦታ። ኣሌክሳንደር ዓ.ብ. ሰራዊቱ ሐዙ ኣዝገቡ እናተጸበየ እንከሎ ዳርዮስ ብዘይተገመተ ኣንፈት ደፊኡ በሉ። ብድሕሪት። ቡቲ ዕጥቅን ስንቅን ሰራዊት ኣሌክሳንደር ዓ.ብ. ዝመሓላለፈሉ ሓውሲ. ደጀን። ኣብ ዘይተሓሰበ ግዜን ቦታን ውግእ ከም ዝጀመረ ዘስተውዓለ ኣሌክሳንደር ዓ.ብ፡ ቀዲሙ ሓውሲ. መጥቃዕቲ ዝመስል ምንቅስቓስ ገበረ። ኣብቲ ፈለማ ኣሌክሳንደር ዓ.ብ. ውግእ ኣይጸበቐሉን። ቀልጢፉ ግን ለውጥታት ገበረ። ወህደትን ቀልጣፊን ሰራዊት ኣሌክሳንደር ዘገርም ነበረ።

ዳርዮስ በዚ ቅልጡፍ መጥቃዕቲ ኣሌክሳንደር ዓ.ብ. ንእሉቱ ጃጀወ፡ ጭግራ 'ሳሪሳ' ዝዓጠቑ ኢጋር ሰራዊት ኣሌክሳንደር ዓ.ብ፡ እቲ ጭግራ ዝሰዓም ብልጫ ተጠቒሞም ብሓደ ወገን ናብ መኣዘዚ. ዳርዮስ ገጾም ገስገሱ። ዳርዮስ 3ይ መለሱ ተዳህሉ፡ ሰብ ጭግራ 'ሳሪሳ' መቀዶንያውያን ንያቶም በርኹ ንውሽጢ. ሰርሰርዎም ብምእታው ምስ ሓለዋ ንጉስ ገጢሞም ዳርጋ ንዳርዮስ ብኢዱ ክሕዝዎ በሉ። ውግእ ዝተበላሸዎ ዳርዮስ ሳልሳይ ክንዮ ምህዳም ካልእ ኣማራጺ. ከምዘየለ ደምደመ። ኣንፈት ሰረገላኡ ንድሕሪት ጠውዩ ድማ ህድማ ጀመረ። እዚ ዝረኣየ ሰራዊቱ ናይ ምውጋእ መንፈሱ በቲኑ ኣንፈቱ ጠፍኦ። እልቢ. ዘይብሉ ሰራዊት ዳርዮስ 3ይ ዋና ስኣነ። ዝርግርግ ዝኣተዎ ዓርሞሽሽ ሰራዊት ከም ኣዝዚኡ ህድማ ተተሓሓዘ። ብድሕሪ'ዚ ዝሰዓበ ህልቂት'ዩ። ጥንታዊ ውግእ ዘይከም ዘመናዊ ውግእ ንምሩኻት ዘናሕሲ. ኣይኮነን። መቀዶንያውያን ኑቶም ሕንፍሽፍሽ ዝኣተዎም ዝሃድሙን ዝማረኹን ወተሃደራት ዳርዮስ ብኣልማማ ብሴፋቶም ተሰሃሉዎም። እንተ ዳርዮስ ሳልሳይ ግን ይትረፍ ንሰራዊቱ ኑቶም 'ዓወት ክርእዩ' ብምባል ናብ ግንባር ሐዙዎም ዝመጸ ደቁን ሰበይቱን ጠንጢኑ እዩ ዝሃደመ። ኣሌክሳንደር ዓ.ብ. ንሰራዊት ዳርዮስ ሰዒሩ፡ ንስድራ ቤት ናይ'ቲ ንጉስ ማሪኹ ኣብ ታሪኽ ብደሚቕ ቀለም ዝተጻሕፈ ቅያ ሰርሐ።

እዚ ቅያ'ዚ እንክፍጽም ቀንዲ መጕዚኢትን ተሸመሙ። ንጉስ እንግሊዝ ኤድዋርድ 2ይ፡ "ኣነ ዝለዓለ መራሒ. ስኮትላንድ ክኸውን" ዝብል ናጽነት ስኮትላንዳውያን ክገፍፍ እማመ ኣቕረበ። ይኹን'ምበር ዊልያም ዋለስ ዝተባህለ ንስኮትላንድ ዘኹርዕ ድንቂ መራሒ. ምስዚ. ኩነታት'ዚ. ተቐልቀለ፡ ንናጽነት ስኮትላንድ ዝቃለስ ብቑዕ መራሒ. ኮይኑ ማሰስ በለ። ንመግዛእታዊ ሓይሊ. እንግሊዝ ደባይ ተዋጋኢ. ኮይኑ ቅሳነት ከልኦ።

ዊልያም ዋለስ ኣቐዲሙ ወተሃደራዊ ተመኩሮ ነይሩዎ ክኸውን ከምዝኽእል ብሰፊሑ ይግመት። ኑቲ ዝነበረ ኩነታት ኣብ ግምት ኣእቲዩ ሰራዊቱ ዝዓጥቅዎ መሳርሒ. ክሳብ 4 ሜትሮ ንውሓት ዘለዎ ጭግራ ክኸውን መረጸ። ኑቶም ናይ ውትህደርና ተመኩሮ ዘይነበሮም ሓረስቶትን ሰብ ካልእ ሞያን ደቂ ዓዱ ምዕላም ድማ ተተሓሓዘ። እዚ ኣጽዋር'ዚ ብሓባር እትጥቀመሉ'ምበር ብበውልቂ እትዋጋኣሉ ብዘይ ምኳኑ ልምምድ ምኪያድ ወሳኒ ነበረ። ዝ. ጭግራ'ዚ




መሳርሒ. ዓወት ዝነበረ ነዊሕ ጭግራ 'ሳሪሳ'፣ ድሕሪ ሞት ኣሌክሳንደር ዓ.ብ. ንኣማኢት ዓመታት፡ መለለዩ ሄለናዊ ዓለም ኮይኑ ክሳብ ምትንሳእ ሮማዊ እምብራጦርያ ቀጺሉ። ምስ ምምጻእ ሮማውያን ግን ብኸም ብዓል ጭግራ 'ፒለም' ዝኣመሰለ ካልእ ዝተራቐቐ ኣጽዋር እናተተክአ ካብ ስራሕ ወጻኢ. ኮነ። ብቑመቱ ዝልለ ጭግራ 'ሳሪሳ' ቁሊሕ ዝብሎ ስኢኑ፡ ጠቕሊሉ ካብ ምርሳዕ'ውን በጽሐ።

ንልዕሊ. 1000 ዓመት ካብ ገጽ ምድሪ ጠፊኡ ድሕሪ ምጽናሕ ግን ኣብ ማእከላይ ዘመን መሊሱ ተቐልቀለ። ደጊሙ ድማ ታሪኽ ንኽሰርሕ ቀንዲ. መሳርሒ. ኮነ። ስኮትላንዳውያን ብቑጽርን ዓይነትን ንዝተዓጻጸፉዎም እንግሊዛውያን ኣብ ዝመከቱሉ ቀዳማይ ኩናት ናጽነቶም፣ ነዊሕ ጭግራ ዓጢቖም፡ ዊልያም ዋለስ ብዝተባህለ ወዲ ሃገሮም ተመሪሖም ዓወት ከም ዝጨበጡ ዝዝንገር።

ዊልያም ዋለስ ንጉስ ወይ ወዲ ንጉስ ኣይነበረን። ካብ ታሕተዎት ደርቡ ልኡላን ነይሩ ክኸውን ከም ዝኽእል ይግመት። እስክንድር 3ይ ዝተባህለ ንጉስ ንስኮትላንድ ይገዝእ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ዊልያም ዕድመ ንእስነቱ ከም ማንም ቀልዓ ኣሕለፎ። እዚ እዋን'ዚ ኣብ ስኮትላንድ ሰላም ሰፊኑ፡ ስኮትላንዳውያን ቅሳነትን ቁጠባዊ ርግኣትን ዘስተማቕሩሉ ሰናይ ዘመን'ዩ ነይሩ። ስኮትላንዳውያን እዚ ወርቃዊ ዘመን ኣስተማቒሮም ከይጸገቡዎ ግን መራሒኦም መኻልፍ በዚሖ። ሰበይቱን ደቁን ኣብ ሓጺር እዋን ብሞት ተፈልይዎ። ስኮትላንድ ወራሲ. ዘይብላ እንታይ ክትከውን'ያ ተባሂሉ እናተፈርሐ እቲ ንጉስ'ውን ሓደጋ ኣጋጢሙዎ ትንፋሱ ሓለፈት። ካብ ዘፈርሑዎ ዘይወጹ ስኮትላንዳውያን ናብ ውግእ ሕድሕድን ናብ ሓውሲ. ንኽመልኩዎ ግዜ ዘይወሰደሎም ስኮትላንዳውያን ታሪኽ ዝሰርሑሉ ኣጋጣሚ ተፈጥረ።

11 መስከረም 1297፡ ስተርሊንግ ኣብ ዝበሃል ጸቢብ ድንድል እዩ። ልዕሊ. ዓሰርተ ሽሕ ዝግመት ዓርሞሽሻዊ ንጉሳዊ ሰራዊት እንግሊዝ ኑቲ ድንድል ክሰግር ጀመረ። ደባይ ተዋጋእቲ ናይ ዊልያም ዋለስ ገለ ክፋል እንግሊዛውያን ወተሃደራት ክሳብ ዝሰግሩ ተጸበዩም ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ከፈቱ። ዓጢቖሞ ዝነበሩ ነዊሕ ጭግራ ዝቐረብ ኣይነበረን። ንሶም ኣብ ማእከል ቀይሞም ኣጽዋሮም ናብ ኩሉ መኣዝን ኣቕኒዖም ንዝዘመጸ ወተሃደር እናወግኡ ኣውደቑዎ። ክሃድሙ ናብ ሸነኽ'ቲ ድንድል ዝተመልሱ ብዙሓት እንግሊዛውያን፣ እቲ ድንድል እውን ጠሊሙዎም ስለ ዝፈረሰ ኣሽሓት ወተሃደራት ኣብዛ ቦታ'ዚኣ ተቐዚፎም፡ ስኮትላንዳውያን ተዓዊቶም እንግሊዝ ስዕረት ተጎልበበት። እቲ ነዊሕ ጭግራ መረጹ፡ ኣሰልጢኑ ደቂ ዓዱ ዝመርሐ ዊልያም ዋለስ ድማ ጅግና ስኮትላንድ ኮይኑ ክሳብ'ዛ ዕለት'ዚኣ ይዝከር ኣሎ። ተጻሒፉሉ፡ ተገጢሙሉ፡ ሓወልቲ ተሰሪሑሉ ንኣማኢት ዓመታት ስሙ ብኽብሪ ይለዓል ኣሎ። ኣብ ሆሊወድ ዝፈረየት፣ ብመል ጊብሰን ዝተኣልየትን ባዕሉ መል ጊብሰን ገጸ ባህሪ ዊልያም ዋለስ ለቢሱ ዝተዋስኣ ብልጽቲ ፊልም 'ብረይቭ ሃርት' (Brave Heart) ሓንቲ ኣብነት'ያ። ቀዳማይ ነዊሕ ጭግራ ድማ ምስ ዛንታ ዊልያም ዋለስ ተተሓሒዙ ይትረኽ ኣሎ። ነዊሕ ጭግራ ክሳብ ማእከላይ ዘመን ኣገዳሲ. ዕጥቂ ኮይኑ ድሕሪ ምቕጻሉ፣ ካብዮም ብምዕባለ ኣጽዋር ዝተገለፉ ጥንታውያን መሳርሒታት ኩናት ኮነ።

ይቕጽል . . .



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

1. **Position: HME Reliability Engineer**

**Department: Mining**
**Section: HME Maintenance**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Reporting to the HME Engineer, the Reliability Engineer is responsible for ensuring that heavy mobile equipment (HME) and systems consistently perform at the required levels of reliability, safety, and availability.
- The role focuses on proactive maintenance strategies, data-driven decision-making, and continuous improvement to reduce failures, optimize performance, and extend asset life.
- The Reliability Engineer works closely with maintenance, operations, engineering, planning, and OEM partners to deliver sustainable improvements across both fixed plant and mobile equipment

**Essential Functions**

The position will report to the HME Engineer and the duties will include, but not limited to, the following:

- Promote safe, healthy and fair work environment
  - Develop standard safe working procedures and actively participate in HSE initiatives.
  -Carry out formal workplace inspections on a routine basis.
- Assist in the set-up CM (Condition Monitoring) and Reliability process at Mobile Equipment maintenance
  -Assist to set up condition monitoring systems on site.
  -To set up design systems and document management systems.
  -To set up continuous improvement processes.
- Lead condition monitoring functions:
  -Analyze the electronic data (VIMS, ET).
  -Oil condition Analysis (fluid degradation) using established guidelines and Trend analysis.
  -Oil contamination Analysis (Detection of contaminants) using established guidelines
  -Component Wear Rate (Evaluate the wear) using Trend Analysis and Wear Tables and Type of wear
  -Collect the information of magnetic plugs/magnetic screen condition and elaborate a database of the inspections.
- Lead reliability functions:
  -Participate in implementing reliability improvement initiatives in conjunction with the equipment asset multi-cultural teams.
  -Actively seek and identify Equipment performance opportunities together with maintenance team and execute plans to improve performance and/or cost efficiency
  -Review equipment performance for efficiency/operability improvement and provide financial justification for related capital projects.
  -Provide support to the sections for RCA and lead RCA investigations into significant incidents as necessary.
- Collaborating with BMSC Maintenance teams and related functions to optimize efficiencies
  -Evaluate equipment performance to identify and initiate development opportunities.
  -Review equipment performance for efficiency/operability improvement and provide financial justification for related capital projects.
  -Support failure, root cause, and incident investigations and develop recommendations and action plans to prevent recurrence

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Behavioural and Technical
- Safety, Health & Environment
- Reliability practices
- Operations & Service Delivery
- Technical and Financial Budgeting and Forecasting
- People Management

**Unique requirements/other information**

- The candidate must be Physically and Medically fit.
- Please note this job description is not designed to cover or contain a comprehensive listing of activities, duties or responsibilities that are required of the employee for this job. Duties, responsibilities and activities may change at any time with or without notice.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Bachelor's degree or diploma in Mechanical, Electrical, or Reliability Engineering, Condition Monitoring or trade qualification with extensive reliability experience in HME.<br>• Technical engineering trade or equivalent within the mechanical profession will be advantageous.<br>• Certificate in Planned maintenance systems or equivalent<br>• 4 Years experience in a supervisory role in a mining environment. | • Minimum 10+ years' experience in mining, mineral processing, power generation, or heavy industry, with demonstrated experience leading condition monitoring and reliability functions in operational environments.<br>• Minimum 4 Years' experience in HME Mobile plant as a planned maintenance Supervisor<br>• Underground HME experience will be advantageous<br>• Previous expatriate assignment experience will be required<br>• Strategic HME planning experience will be highly advantageous<br>• Must be a holder of a valid driver's licence |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Writing of technical reports<br>• Good communication skills on technical level<br>• Ability to understand trending (SOS Samples, Wear rate etc)<br>• Use the technical documentation of the manufacturers<br>• Computer Literacy (MS Office – Intermediate and Excel – Advanced, In-house software)<br>• Theoretical understanding and practical implementation of safety management<br>• Maintenance Planning<br>• Maintenance Strategy<br>• Planning & Organizing<br>• Condition Monitoring. | • Strong problem-solving and analytical skills<br>• Ability to influence and engage cross-functional teams<br>• Clear communicator at operational and leadership levels<br>• Structured, disciplined, and outcomes-focused<br>• Strong safety leadership and risk awareness<br>• Structured, disciplined, and continuous improvement focused<br>• Able to coach & mentor national workforce<br>• Committed to the organizational ethics<br>• Driving for best result<br>• Strive for quality<br>• Practice ethical leadership<br>• Independent and responsible, able to make decisions.<br>• Observer, with a good spirit of analysis and synthesis. |

**General Information and other requirements:**

- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**

**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Employees of Bisha Mining Share Company are invited to apply for the Following position.

**Position: Security Guard**
**Department: ES-Security**
**Number Required: Two (02)**
**Contract Type: Indefinite**
**Place of Work: Asmara**

**Primary Purpose**
- To protect company assets and personnel and prevent theft of company property.

**Main Function**
- Receiving visitors
- Monitoring the movement of materials
- Checking premises
- Monitor outside parking.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Receiving Visitors**
- Register each person in logbook, issue ID cards.
- Security check when necessary.

**Monitor movement of materials**
- Check authorisation documentation.
- Check the actual items.

**Checking Premises**
- Make regular patrols, outside and inside (doors and windows).
- Record and report to management.
- Follow hand-over procedure for next shift.

**Monitor Outside parking**
- Control access of vehicles.

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**
- The candidate must be medically and physically Fit.

**Qualifications:**
- Grade 9 - 12

**Knowledge and Experience:**
- Basic English
- 3 – 5 years guarding experience

| **Technical Skills** | **Behavioural Skills** |
|---|---|
| •Attention to detail, Analytical | • Communication – basic English / local language |
| • Diligent, Healthy | • Ability to work towards strict deadlines, High level of accuracy |
| • Self-motivated | • Interpersonal Relations, Assertiveness, Integrity |

**General Information and other requirements:**
- Salary: As per Company salary scale.
- Type of Contract: Indefinite

Additional requirement for Nationals:
- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

**Address: Please mail your applications to:-**
Bisha Mining Share Company,
P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**
1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

---

## ሓዳስ መጽሓፍ

### ጸጋይ ተኽለሚካኤል
(ኢንጂነር)

# ተልእኾ
ንእሾኽ ብእሾኽ

**ኣብ ቤት መጻሕፍቲ**

መረብ፡ ባር በረኸት
ሰቲት፡ ባቢሎን ስኳር
ኣምባሳደር፡ ፒያሳ ሚኪኤለ
ጋላሪ፡ ሆቴል ንያላ

---

ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን
ERITREISCH-DEUTSCHE-VEREIN
ERITRO-GERMAN ASSOCIATION

**ዕድመ ንሱታፌ ኣብ ዓመታዊ ጉባኤ ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን**

ምልክታ ንኹሉኹም ናይ 2025 ናይ ኣባልነት ግቡኣት ዘማላእኩም ኣባላት፡ ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን። ከምቲ ልሙድ፡ ማሕበርና ዓመታዊ ጉባኤኡ ንዕለት 21መጋቢት 2026፡ ከካይድ ስለዝኾነ፡ ኩሉ ግቡኡ ዘማልአ ኣባል ኣብቲ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ቦታን፡ ሰዓትን ንኽሳተፍ ቦርድ ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን ይዕድም።
ንገብረሉ ቦታ፥ ኣደራሽ ማሕበር
ሰዓት ፥ 2:00 ድ.ቐ


ኣድራሻና፡ ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን ጎደና ጉሬቶ/ ቴሌፎን፡ 122193


---

## ሓደስቲ መጽሓፍቲ — NEW BOOKS

### ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ
(9ይ 10ይ 11ን 12ን ክፍሊ)

1. **Brush up** your Progress in High school (Natural Science Stream): *English, Maths, Physics, Chemistry, Biology, Agriculture.*
2. **Brush up** your Progress in High school (Social Science Stream): *English, Maths, Geography, History, Business & Economics.*




**ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ፡**
- ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ብዝቐለለ መገዲ ዝቐረበ ጽማቑ ትሕዝቶ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ
- ልዕሊ 1000 ዝተሰርሑ ኣብነታት
- ልዕሊ 3800 መላመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

07151337/07282165

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## .VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Timberman**

**Department: Processing and Underground Operations**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To carry out underground service operations in accordance with mining safety and operational standards, ensuring the efficient and safe support of production teams and infrastructure.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Performance areas/goals
- Responsibilities
- Health, Safety and Environment

**Unique requirements/other information**

- The candidate must be Physically and Medically fit.
- Must be adaptable to challenging underground conditions.
- Must demonstrate initiative and a proactive approach to task completion.

| **Qualifications**: | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| o Full grade 12 Certificate<br>o Valid driving license<br>o Certification for operating Manitou Telehandler and Scissor Lift etc.<br>o Basic blasting operations training or certification | o Minimum 7 years of experience in underground service operations<br>o Strong understanding of underground service procedures<br>o Experience assisting drilling teams (Jumbo, Solo)<br>o Familiarity with ground support and reinforcement standards<br>o Prior experience assisting blasting teams<br>o Skilled in pipe connections, pump installation, fan and vent duct installation and repair |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| o Knowledge of underground service standards<br>o Equipment handling and installation skills<br>o Basic blasting operation knowledge<br>o Measurement and repair proficiency<br>o Planning and problem-solving skills | o Strong work ethic and task completion focus<br>o Ability to work under tough conditions<br>o Safety and health compliance awareness<br>o Willingness and ability to train new personnel<br>o Self-motivated and results-oriented |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

---

ንሕና ኣመልከትቲ ዘይት ድራር ኣግዶብዩ +2 ካብ መዋቲ ኣቦና ድራር ኣግዶብዩ ሓዞት ዝወረስናዮ፣ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ከቢ. ገዛውብል ፕሎት 30 ፓርሰል ASP00032629-N ጎደና 116-14 ቁጽሪ ገዛ 57 ዝርከብ ስፍሓት መሬት 300 ት/ሜ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 101110 መወከሲ. ቁጽሪ 102004-102005 ግዚያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ዘለዎ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ IBRASM019621 ዝተመዝገበ ገዛ ዋንነቱ ናብ ስምና ክስጋገር ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ውሳኔ (ይግባዩ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሐዙ ናብ ቤትጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረቡ ግን ሰነዳትና ኣቕሪብና ናብ ስምና ክስጋገር ምእንታን ንሕብር።

ዘይት ድራር ኣግዶብዩ

---

ኣነ ሰለሙን ጉብረማስቀል በርሀ +3፣ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 9 ምም 08 ጉደና ጠቐራ ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 123292 መወከሲ. ቁጽሪ 105319 ብስም ኣቦሓጎና ኣፍ/ ወልደጊዮርጊስ መንገሻ ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ኣቲ ብጽሒት ወላዲትና ወ/ሮ ትዕግስቲ ወልደጊዮርጊስ መንገሻ፡ ስም ዋንነት ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ይግባዩ ታባሂሉ እንተኾይኑ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሐዙ መኣገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ኣቶ ሰለሙን ጉብረማስቀል በርሀ +3

---

ብስም ተማሰገን ተወልደ ተስፋዝጊ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋ.ን ASL00044292 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ደቀምሓረ ቁ.ገዛ 25 ዝርከብ ናይ መሸጢ ናይ ገዛ ኣቑሑት፡ ንኣቶ ሄኖክ ጉዳም ኪዳኑ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጣንዳ ጎደና ሰንሒት ቁ.ገዛ 58 ካብ ዕለት 01/03/2026 ክሳብ ዕለት 28/02/2031 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፥ ስልጣን ዝሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ተማሰገን ተወልደ ተስፋዝጊ
ሕጋዊ ወኪል ተወልደ ተስፋዝጊ ጉብረማስቀል

---


ብስም ተማሰገን ተወልደ ተስፋዝጊ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋ.ን ASL00044292 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ደቀምሓረ ቁ.ገዛ 26 ዝርከብ ናይ ስተሽሪ ትካሉ፡ ን/ወሮ ሰምሃር ቴድሮስ ተኳ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና 132-1 ቁ.ገዛ 52 ካብ ዕለት 01/03/2026 ክሳብ ዕለት 28/02/2031 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፥ ስልጣን ዝሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ተማሰገን ተወልደ ተስፋዝጊ

---

ኣነ ብርሃ ተኽለኣብ ጉብረማርያም፡ ሓትኳይ ወ/ሮ ደሕደጋ ተወልደመድህን ወልደሚካኤል ዕለት 31/07/26 ብቁ/መዝ/193/2015 ኣብ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ቀሪባ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 2 ምም/12 ኣብ ጎደና የካ 'ለ' ቁጽሪ ገዛ 13 ስፍሓት መሬት 300 ት/ሜ ቁ.ካርታ 36045/54161 ቁ/ሎታ 287 ቁ.ፓርቸላ 1 ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 102354 መወከሲ. ቁጽሪ 122890/110368/110369 ቀንዲ 8 ክፍልታትን 3 ተሓጋገዝቲ ክፍልታት ተሰሪሑዎ ዝርከብ፡ ፍርቂ ማለት 150 ት.ሜ ዝተሟልአ 4+ ክፍልን ሓንቲ ተሓጋጋዚትን ከምኡ እውን እታ ተረፍ ሓንቲ ካሽሎን ብህያብ ስለ ዝሃበትኒ፡ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፥ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ/ሃ/ካዳስተርን የቕርብ። ዝቃወም እንተዘየለ ግን ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ብርሃ ተኽለኣብ



ያቆብ መርሃዊ (ዳክ)

# ተሓጋጊዝካ ምንባር

## ጽውጽዋይ

ኣብ ሓደ ጽዑቕ ዱር፡ ደርቦ ዝስሙ ገዚፍ ሓርማዝን ጭንጭላ ዝስማ ንእሽቶ ህበይን ይነብሩ ነበሩ። ሓርማዝ፡ ገዚፍ እንስሳ'ኳ እንተ ነበረ፡ ዘይ ከም ትርኢቱ ግና ኣዝዩ ለዋህ ነበረ።

ህበይ ጭንጭላ ከኣ ኣዝያ ቅልጥፍቲ ፍጥረት እያ። እዞም ክልተ ፍጡራት ዝተፈላለየ መልክዕን ግዝፍን ይሃልዎም ደኣ እምበር፡ ኣዝዮም ዝፋተዉ መሓዙት ነበሩ።

ከምዚ ኢሎም እናነበሩ፡ ኣብቲ ዱር ብርቱዕ ደርቂ ተኸስተ። ጩራታት ናይ ጸሓይ ስለ ዝበርተዐ፡ ንኹሉ ሳዕርን ማይን ናይቲ ዱር ኣንቀጾ። ንኹሎም እንስሳታት ከኣ ጥሜት ኣጋጠሞም።

እቲ ሓርማዝ፡ ብሰንኪ ግዝፉ ብዙሕ መግቢ የድልዮ ስለ ዝነበረ፡ ካብ ኩሎም እንስሳታት ዝያዳ ተሃስየ። ሓደ መዓልቲ ምስ ጭንጭላ ብጥሜት ተሰኒፎም ኮፍ ኢሎም ከለዉ፡

"ጭንጭላ መሓዛይ፡ ኣዝየ ጠምየ ኣለኹ። ኣብዚ ከባቢና ዘሎ ኩሉ ኣቑጽልቲ ሓሪሩ እዩ። ብጥሜት ከይመውት እንታይ እንተ ገበርና ይሓይሸ፧" ሓርማዝ፡ ብድኹም ድምጺ ተዛረበ።

ህበይ ጭንጭላ፡ ዘረባ ሓርማዝ ምስ ሰምዐት ናብ ዝባኑ ደይባ ናብ ርሑቕ ቁልቁል ገጻ እናጠመተት፡ "ደርቦ ሓወይ፡ ኣብቲ ማዕዶ ዘሎ ሽንጭሮ ሓንቲ በይና ዝተረፈት ዘይሓረረት ዓባይ ኦም ኣላ። እቲ ላዕለዋይ ጨናፍራ ከኣ ሓምለዋይ እዩ። እንተ ኾነ ግን ነዊሕ ስለ ዝኾነ ኣነ ሓኹረ ክበልዕ ፈቲነ ክሰልጠኒ ኣይከኣለን። ስለዚ፡ ብሓደ ኬድና ካብኡ ክንምገብ ዘይንፍትን፧" በለቶ ካብ ዝባን ናይቲ ሓርማዝ እናወረደት።

"ግርም! ኣሳፊሕካ ሞት፡ ተኾርሚኻ ሞት እዩ፣ ጭንጭላ መሓዛይ። ስለዚ፡ ንኺድ ዕድልና ንፈትን፡" ብምባል ሓርማዝ ናብቲ ስንጭሮ ገጹ ተበገሰ። ህበይ ጭንጭላ ከኣ ሰዓበቶ።

ክልቲኣቶም ቀስ ኢሎም እናዕለሉ ናብታ እታ ኦም ዘላቶ ቦታ ገስገሱ። ድሕሪ ዓሰርተ ደቒቕ ዝወሰደ ጉዕዞ ድማ ናብታ ኦም በጽሑ።

ሓርማዝ ደርቦ፡ "ኣንቲ ጭንጭላ መሓዛይ እዚ ደኣ ከመይ ዝበለ መግቢ እንድዩ፡" ነታ ገረብ ምስ ረኣያ ብሓጐስ ተዛረበ።

"እወ ትማሊ ናብዚ ከባቢ መጺአ ስለ ዝነበርኩ እየ ርእየያ። እንተ ኾነ ከምዚ እትርእያ ዘለኻ እተን ዝበልዓ ኣብ ጫፍ ስለ ዘለዋ ከርክበን ኣይከኣልኩን። ስለዚ፡ ሕጂ ተሓጋጊዝና ንመገብ፡" ህበይ ጭንጭላ፡ ብሓጐስ ተዛረበት።


"ተሓባቢርካ ምስራሕ ተኣምር ክሰርሕ ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ኣነ ብንጐተይ ሓፍ ከብለኪ እየ። ንስኺ ድማ ካብቲ ጫፍ ዘሎ ጥሉል ዝብላዕ ጨናፍር ተውርድየ፣ ብኽምዚ ድማ ነብስና ንኣሊ፡" ሓርማዝ ክምስታ ኣሰንዩ ተዛረበ።

"ሕራይ ጽቡቕ!" ህበይ ጭንጭላ ክትብልዕ ተሃንጥያ ተዛረበት።

ሓርማዝ ደርቦ፡ ንጐቱ ናብ መሬት ገጹ ኣውረዶ፣ ህበይ ጭንጭላ ድማ ኣብታ ጫፍ ንጐቱ ተሰቐለት። ብድሕሪኡ ሓርማዝ ንህበይ ናብ ላዕሊ ሓፍ ኣበላ። ናብቲ ዘይነቐጸ ጨናፍር በጺሓ ድማ ካብቲ ጨናፍር ቈሪጻ ጣዕሚ ናይቲ ቈጽሊ ኣረጋገጸት። ጥዑም ምዃኑ ምስ ኣረጋገጸት ከኣ፡

"ደርቦ መሓዛይ ኣዝዩ ጥዑም እዩ እንካ ጠዓሞ፡" ብምባል ካብቲ ቈጽሊ ነቲ ሓርማዝ ሃበቶ።

ሓርማዝ ደርቦ፡ ነቲ ቈጽሊ ምስ ጠዓሞ ብሓጐስ ነብሱ ክመልስ ተፈለጦ። ክልቲኣቶም ክሳዕ ዝጸግቡ በሊዖም ኣዕረፉ። ብኸምዚ ድማ ካብታ ገረብ ንሰለስተ መዓልቲ ተቐለቡ። ነብሶም ከኣ ተመልሰ። ነቲ ዝነበረ ሕማቕ ኩነታት ከኣ ክልቲኣቶም ብምትሕብባር ሰገርዎ።



ሓደ መዓልቲ፡ በቲ ዝረኸብዎ መግቢ ነብሶም ምስ ተመልሰ፡ ሓርማዝ ደርቦ፡

"የቐንየለይ ህበይ ጭንጭላ፡ ብዘይ ሓገዝኪ ነዚ ሕማቕ ግዜ ኣይምሰገርክዎን። ስለዚ፡ ወትሩ እየ ዘመስግነኪ፡" በላ ድሙቕ ፍሽኽታ እናኣርኣየ።

ህበይ ጭንጭላ፡ ፍሽኽ ድሕሪ ምባል፡ "ኣነ ንኣኻ እየ ከመስግነካ ዝግበኣኒ። ነዛ ገረብ ኣቐዲመ'ኳ ርእየያ ነይረ እየ። ከርክባ ስለ ዘይከኣልኩ ካብዛ ገረብ ክበልዕ ዓቕሚ ስኢነ። ሳላ ሓገዝካ ግን ክምገብ ክኢለ። ስለዚ፡ ንኣኻ እዩ ምስጋና ዝግበኣካ፡" በለቶ።

ሓርማዝ ደርቦ፡ "ጭንጭላ መሓዛይ ኣነ'ውን ንበይነይ መኣስ መርከብክዋ ነይረ። ሳላ ኣነን ንስኽን ተሳኒና ዝሰራሕና ኢና ተዓዊትና። ኣነ ገዚፍ እንድየ እንተ'ኾነ ግን ንበይነይ ኣይምኸኣልክዎን። ንስኺ'ውን ደቃቕ እንዲኺ ናብዛ ጫፍ ከይትበጽሒ እቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣሻኹ ኣቝጽልቲ ከልኪሉኪ። ክልቴና ሳላ ዝተሳነና ግን ተዓዊትና። ስኒት ናብ ዓወት እዩ ዝመርሕ። በይነይ በይነይ እንተንበሃሃል ኣይምተዓወትናን። ምስጢር ዓወትና ስኒትና እዩ። ጭንጭላ መሓዛይ ወትሩ ደኣ ንሳነ፡" ብምባል ተዛረበ።

ካብታ መዓልቲ እቲኣ ጀሚሮም፡ እቲ ገዚፍ ሓርማዝን እታ ንእሽቶ ህበይን ብስኒትን ፍቕርን እናሰርሑ ኣብቲ ዱር ብሰላም ይነብሩ ኣለዉ።

ኣብታ ዱር ዝነብሩ ኵላቶም እንስሳታት፡ ዓቢ ይኹን ንእሽቶ፡ ንበይኑ ክሰርሖ ዘይከኣሎ ነገር፡ ብስኒትን ብፍቕርን እንተ ተደጋጊፊ ክዕወት ከም ዝኽእል ንኹሎም እንስሳታት መምህራን ኮኑ።

መልእኽቲ ናይዛ ዛንታ፥ ፍቕሪ፡ ስኒትን ምትሕብባርን ናብ ዓወት ይመርሑ።

# ሕቶታት ቋንቋ ትግርኛ

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ንዝርኣዩ ተደጋገምቲ ጌጋታት ንምፍዋስ 'ሕቶታት ቋንቋ ትግርኛ' ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ሕቶታት ሳልሳይ ክፋል ኣዳሊና ነይርና። ንሎሚ ድማ ራብዓይ ክፋል ይስዕብ። ሰናይ ትምህርቲ!

ሕቶታት ቋንቋ ትግርኛ — ቍጽሪ- 4

**ቅኑዕ ቃል ምረጹ**


1. ዝሓለፈ _____ ተራኺብና ነይርና።
   ሀ. ሰንበት ለ. ሰምበት
2. ናብ ቤት ትምህርተይ ቀልጢፈ ______።
   ሀ. መጽየ ለ. መጺአ
3. ሕቶ፡ ሽኮር ኣሎዶ፧ መልሲ፡ ________።
   ሀ. የሎን ለ. የልቦን
4. ንሱ ናብ __________ከይዱ።
   ሀ. ስራሑ ለ. ስርሑ
5. _________ ክዳን ምኳን ጌጋ እዩ።
   ሀ. ጥራይ ለ. ጥራሕ



ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ምስ ፈተንኩም መልሲ ኣብ ታሕቲ ርኣዩ።

ኣዳላዊ፡ መም ዕቍባይ ተስፋዝጊ

# እዚ ቈልዓ፡ ካበየነይተን ኩባያ ይሰቲ ኣሎ፧




## መልሲ

1. ሀ. ሰንበት
2. ለ. መጺአ
3. ለ. የልቦን = ንዘይቍጸርን ዘይውሱንን ዓቐን የመልክት።
4. ሀ. ስራሑ = ስራሑ ናቱ ስራሕ ማለት እዩ። ስርሑ ግን ትእዛዝ'ዩ።
5. ለ. ጥራሕ = ንዕርቃን ምውጻእ የመልክት።

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ከም ስመን ስሙራት

ህዝቢ ኤርትራ፣ ናጽነት ክደሊ ኣብ ዘሕለፎ ጽንኩር እዋን፣ እኹ ዋልታኡን ዝተኣማመሉ ጸጋን ክብርታቱ ምንባሩ ዘይክሓድ ሓቂ እዩ። ድሕሪ ናጽነት ንዝበጠሖ ወራር ኣብ ዝመከተሉ እውን እንተ ኾነ፣ ክብርታቱ ዓጢቑዩ ልኡላውነቱ ዘውሓሰ። 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ 2026 ድማ "ክብርታትና ዋልታና!" ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ጭርሖ፣ ኣብ መላእ ሃገርናን ኤርትራውያን ኣብ ዝነብሉ ሃገራት ወጻኢን ብኽብሪ ክትዝከር ምኽኣላ'ዚ ሓቂ'ዚ ዘጉልሕ እዩ።

ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ፣ ኣብ ምምጻእ ናጽነትን ምኽባር ልኡላውነትን ከምኡ'ውን ኣብ መኸተን ጽንዓትን ኣብ ልምዓትን ምህናጽ ሃገር ዘተጻወትኦን ዝጻወትኦ ዘለዋን ተራ፣ ብቓላት ጥራይ ክገልጽ ወይ ዓመት መጸእ ተዘኪሩ ኣብ ዝሓልፍ 8 መጋቢት ጥራይ ዘኩርዕ ዝሕለፍ ኣይኮነን። ከጽኡ ዝኸፈላ ንወለዶታት ዘሐለፋ ረዚን ጅግንነትን ቅያን ፈጺመን'የን። ከምቲ ብሓደ ኣደካ ዝተጠቐሰ ብዘይ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ፣ እዚ ኩሉ ተገንጺፉ ዘሎ ዓወት ኣይምተረኽበን። እቲ ምንታይ፣ ኣብ ግዜ ሰውራ፣ ፍርቂ ሓይሊ ሰውራ፤ ኣብ ግዜ ህንጻት ሃገር ድማ ፍርቂ ሓይሊ ሕብረተሰብ ኮይነን ዝዀነያ ዘለዋ'የን።

ኣብቲ ለሚ ዓመት፣ ንኽብሪ'ዘን ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ተባሂሉ ኣብ ጠቕላላ ቦታታት ወሸጢ ሃገርን ወጻኢን ዝተጸንበለ ዝኽሪ 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ፣ ነቲ ዕሉት ዘጸብርቓኦን ንጅግንነት ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ዘድምቑ ድራማታት፣ ደርፈታት፣ ግጥምታትን ካልእን ዝተዛዘ መደባት ብምድላው'ዩም ተኻይዶም። ደቂ ኣንስትዮን ነቲ ዕለት ንምድማቅ ዝመጸኡ ዕዱማት ኣጋይሽን ከኣ፣ ብምኽንያት እዚ ክቡር ዕለት፣ ነቲ በየም ንብረታዊ ቃልሰን ምኽባር ልኡላውነት ሃገርን ዝገልጹ፣ ንተራን ግዴኻትን ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ዘንጸባርቑ ምዕዛዝ ደርፍታትን ዜማታትን ተሰሚዖም፣ ደዐብ ይንኣሱ ዝተፈላለየ እንግዶት ብምድላው'ዩም ተሃናም እናወጽኡ ዘዘከርዎ።

ኣብቲ ኣብ ጠቕላላ ቦታታት ዝተዘከረ ጽምብል፣ ናይ ለሚ ዓመት 8 መጋቢት፣ ማእለያ ዘይብሉ ብደሃይታትን ተጻብኦታትን ብልዑል ንቕሓትን ጥምረትን መኪትና፣ ናብ ሓደሽ ምዕራፍ ኣብ እንሰጋገረሉ ዘሎና መድረኽ ትዝከር ምህላዋ ፍሉይነት ከም ዘለዋ እዩ ተጸፊሩ። ብቓልስና ዝረጋገጸናዮ ሰላምን ርግኣትን ናብ ዝበረኸ ዕብየትን ልምዓትን ንምስጋጋር፣ እቲ መኸተ ቀጻሊ ምኳኑ ድማ እተን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት በዓለን ዝጸንበላ ደቂ ኣንስትዮ ኣረጋገጻ። ሂወተንን ግዜአንን ከፊለን ታሪኽ ዝሰርሓ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ፣ ኣብ'ዚ ሓደሽ መድረኽ ቃልሲ፣ ብትምህርትን ብስራሕን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሓ ጻዕርታተን ከሐይላ ከም ዘለወን ድማ ተላበዮ።

ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ስምረት፣ ብምኽንያት 8 መጋቢት 2026፣ ተኣኪበን በዓለን ካብ ዝጸንበላ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ እየን። ማሕበር ምትሕግጋዝ ስምረት፣ ብደቂ ኣንስትዮ ኣባላት ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ነበር ኣብ 1992 ዝተመስረተ ኮይኑ፣ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ ንደቂ ኣንስትዮ ኣባላት ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ድሕነት ዘጠቓለለ ማሕበር'ዩ። እዚ ማሕበር፣ ብቐንዱ፣ 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ብሓባር ንምብዓል ዝተበገሰ ክኸውን ከሎ፣ ኣብ ልዕሊ'ቲ ናይ ምዝንጋዕን ምትሕውዋስን መደባቱ፣ ናይ ምትሕግጋዝ ዕላማውን ዘለዎ እዩ። ብዘይካ'ዚ፣ ብፍሉይ ብምትሕግጋዝን ብሞራልን ዝተሳበወን ኣባላት ናይ'ዚ ማሕበር ዝኾኑ ደቂ ተባዕትዮ'ውን ኣለዉ።

እዚ ብጅግኑ ተጋደልቲ ደቂ ኣንስትዮ ዝቖመ ማሕበር ምትሕግጋዝ ስምረት፣ ጥርናፈኡን ውዳቤኡን ብምሕያል፣ ንዝሓለፈ 34 ዓመታት ታሪኽን ጅግንነትን ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ናብ ተኻኢ ወለዶ ኣብ ምትሕልላፍ ብኹሉ ዓቕሙ ክጽዕት ዝጸንሐን ዘሎን'ዩ። ኣብቲ ብ7 መጋቢት 2026 ኣብ ኣደራሽ ሊባኖስ ዝተኻየደ ብእንግዶት ዝተሰነየ ናይ ምዝንጋዕን ታሪኽ ናይ ምውርራስን መደረኽ ድማ፣ ጉዳይምን ናእሽቱን ኣባላት ናይ'ቲ ማሕበር፣ ዕድመ ዝተገብረሎም ሚኒስተራት፣ ሰበ ስልጣን መንግስትን ግንባርን ሓለፍቲ ማሕበራት ተረኺቦም ነይሮም።

ጸሓፊት ናይ'ቲ ማሕበር ተጋዳሊት ማርያም ሃብተማርያም፣ መራሒት ናይ'ቲ መደብ ኮይና፣ ነቲ መደብ ብዘኽሪ ስዉኣታት'ያ ከፊታቶ። ተጋ/ ማርያም፣ ቀዳሞት ጉዳይም ደቂ ኣንስትዮ ዝተረጋገጸ ንቕሓትን ማዕርነትን ዓቂቡ፣ ብምኽንያት 8 መጋቢት ናብ ተኻኢቲ ወለዶ ንምስግጋር ምዃኑ ገሊጹ፣ ሕጂ'ውን ማሕበሩ ነቲ ዝተሰከሞ ሓላፍነት ኣብ ምትግባርን ናብ ተኻኢቲ ወለዶ ብዘሎ'ኡ ኣብ ምስግጋርን፣ ደገፉን ምትብባዕን ናይ ኩሎም ወገናት ከየቋረጸን ኣዘኻኺራ።

ኣስዒብ ኣብሉ፣ ኣደ መንበር ማሕበር ምትሕግጋዝ ስምረት ተጋዳሊት ገነት ኣብርሃ እያ ነቲ ዕለት ኣመልኪታ ቃል ኣሰሚዓ። ኣብቲ ብስም ማሕበር ምትሕግጋዝ ስምረት ዘስመዓቶ ቃል፣ ኣብ ኤርትራ ዝኽሪ 8 መጋቢት፣ ንስለ በዓል ዝዝከር ዘይኮነስ፣ ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ንስለ ሃገራዊ ናጽነት፣ ጾታዊ ማዕርነት፣ ንፍትሒ ወጽዓታትን ኣብ ሱሳታት መበል ህዝቢ ኤርትራ ንምርግጋጽ ዝተጀመረ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ፣ እጃማ ንምብርካትን ክትብል ሰንከልናን ማሳወእትን ዝከፍሐ ዋጋ ከም ዝኸፈለት፣ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ጓል ኣንስተይቲ ዝበረ ድሕሩር ኣጠማምታ ሕብረተሰብ ኣብ ምቕያር፣ ደርቢ ቃልሲ ብምኽያድ ማዕርነታ ዘረጋገጸት ሓርበኛ ምዃና፣ ዝ ዕለት ብኽብሪ ንዝከራ ከም ዘለና ኣረዲኣ።

"ማሕበር ምትሕግጋዝ ስምረት ደቂ ኣንስትዮ፣ ወጽኣት ናይ'ቶም ዝሓለፉ በዓህቲ ድሕሪት ልምድታትን መሪር መግዛእትን ዝሰበራ ደቂ ኣንስትዮ እዩ። ንሕና ከም ማሕበር ድማ ክንጽዕ ምትሕግጋዝ ታሪኽና ኣሰጋጊርሉን ተመኪሮ ነውርሰሉን ክብርታትና ተዓቂብም ናብ ወለዶታት ንምስግጋር፣ ተሪፉና ዝዘሎ ዕማም ንምፍጻም ቃል እንኣተወሉን መብጽዓ እነሐድሰሉን ክቡር ዕለት'ዩ" ኢላ።

ቀጺሉ ኣባል ማሕበር ምትሕግጋዝ ስምረትን ሓላፊት ክፍሊ ፖለቲካውን ወድባውን ጉዳያት ሃማደኤን ሚኒስተር ትእበ ክንደያ እያ ብምኽንያት 8 መጋቢት ቃል ሃማደኤ ኣንቢባ። ሚኒስተር ትእበ፣ ናይ ለሚ ዓመት 8 መጋቢት ፍሉይ ዝገብሮ፣ ህዝቢ ኤርትራ፣ ድሕሪ ምርግጋጽ ናጽነቱ እንተቐጸለ ልኡላውነቱ ንምሕዋ እንተ ዘይቐጸለ ድማ ህንጻት ሃገሩ ንምኽላፍ ዘንቀደ፣ ካብ ቅሉዕ ወራር ጀሚሩ ዝተፈላለየ ሽርሒታትን ውዲታትን ዘጠቓለለ ከቢድ ተጻብኦታት ኣብርዒኑ፣ ሳላ ዘይንደል ጽንዓቱን ስጡም መኸተውን ብዓወት ወጺኡ፣ ነቲ ተኣምራታዊ ታሪኹ፣ ብዘተኣሳሰረ ቅያ ደሪዑ፣ ናብ ሓደሽ መድረኽ ኣብ ዝሰጋገረሉ ዘሎ እዋን ትዝከር ምህላዋ፣ ፍሉይ ከም ዝገብሮ ኣጸሪሩ።

ሚኒስተር ትእበ ኣስዒቡ፣ ኤርትራውያኑ ዋልታ ናይ ትምክሕቲ፣ ለሚን ናይ ሓዋኑን መኸተና፣ ቃልስናን ክብርታትናን ስለ ዝኾኑ፣




ንኹሎም ዕዱማት ኣጋይሽ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም፣ ድሕሪ ምባል፣ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ፣ ኣንጻር ጸላእን ድሑር ባህልን ተቓሊሰን ዝቓለሳ፣ ማዕርነተን ብመሪር መስዋእተንን ቃልሰንን ዘረጋገጻ ምዃነን ጠቒሱ፣ ማሕበር ምትሕግጋዝ ስምረት ድማ ነቲ ብማሳወእትን ጅግንነትን ኣብ ዓለም መዐቀኒ ዘይብሉ ዋጋ ከም ዝኸፈላትን ረዚን ታሪኽ ከም ዝሰርሓትን ናብ ወለዶታት መልእኽቲ ንምትሕልላፍ ተባሂሉ ዝዝከር ከም ዝኾነ ሓቢሩ። በዚ ከኣ፣ ነቲ ክቡር ዋጋ ዝሓለፈት ሰውራ ኤርትራ፣ ክሳብ ነቲ ብተፈጥሮ ዝተዓደለ ማህጸን ኣምኪና ኩሉ ካብኣ ዝሕለፈ - ክሳብ



ህዝቢ ኤርትራ ኣብቲ ንናጽነት ዘካየዶ ነዊሕ ተጋድሎ፣ ኣብ ትሕቲ ጽላል መሪሕ ውድቡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተጠርኒፉ፣ ስለ ሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝሰረቱ ወርቃዊ መትከላትን ክብርታትን ክኸስክስ ከም ዝኸኣለ ገሊጹ። ኣብ መንጎ ኩሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ኤርትራ፣ ብዘይ ኣፈላላይ ሃይማኖት፣ ጾታ፣ ቀቢላ፣ ቋንቋ፣ ባህልን ማሕበራዊ ቦታን፣ ኣብ ማዕርነት ዝሰረተ ልዑል ሰናይን ጥምረትን ብምንዳቕ ከኣ፣ ኣብ ግዜ ዓቕሙ ምትእምማን ዘለዎ፣ ብርቱዕ ህዝብን ሓያል ሃገርን ክፈጥር ከም ዝኸኣለ፣ እዚ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተኸሰኸሰ ክብርታት'ዚ ድማ ናብ ተርባ ሕድሪ ወለዶ ሰጊሩ፣ ድሕሪ ናጽነት ዝጠመና ከቢድ ብደሆታት ኣብ ምምካት፣ ደጊሙ ድንቂ ታሪኽ ከም ዝሰርሐ ሓቢሩ።

እዘን ምልክት ጽንዓትን ተወፋይነትን ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ተጋደልቲ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ስምረት፣ ከም ስመን ስሙራት'የን። ሰሚረን ዝተቓለሳ፣ ኹና ዝቃለሳ ዘለዋን ጅግኑ ኤርትራውያን። ቅድሚ ወጋሕታ ኣብቲ ጽንኩር እዋን ዝጀመረ ስምረተን፣ ለሚ ኣብ'ዚ ዝበረኸ ደረጃ በጺሑ፣ እንሆ ሕጂ'ውን ኣብ ገጽን "ዝመጸ ይምጻእ ወራሪ፣ ኣብ ባርዕ ሰውራ ሓራሪ" ዝብል መልእኽቲ ዘለዎ ትብዓትን ጅግንነትን'ዩ ዝንበብ ዘሎ። ኩሉ ዝዝበራኦ ብስምረትን ብምርድዳእን ስለ ዝኾነ ከኣ፣ "ለሚ'ውን፣ ኣሰር ሰውኣትና ረጊጽና፣ ኣብ መትከልና ኣለና" እናበላ፣ ብናህሪ ንቕድሚት ይምርሻ ኣለዋ። ስለዚ፣ እዘን ንዝሓለፈ 34 ዓመታት፣ ኤርትራዊ ሃገራዊ ክብርታት ዓቂበን፣ ብጥሙር ስምረት ብዓወት ዝጎዓዛ ዘለዋ ኣባላት፣ ማሕበረን ብኹሉ ሓይሉን ተወዲበን፣ ማእከን መሰጋገሪ ታሪኽን ተመኩሮን መታን ክኸውን፣ ናእሽቱ ተቐባልቲ ሕድሪ መንእሰያት እናተጸንበራኦ፣ ቀጻልነቱ ውሑስ ክኸውን ናይ ወትሩ ሕልመንን ዝጽዕታሉ ዘለዋን እዩ።

ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ስምረትን ዕዱማት ኣጋይሽን ንኣስታት ሰለስተ ሰዓታት ዝቐጸለ ገድላውን መኸተኣውን ተዘክሮታት ዘለዶሱ፣ ብደርፍን ካልእን ዝተሰነየ ምዝንጋዕ ምስ ኣካየዱ፣ 'ንዓመታ ከየሽረፈ ከየጉረፈ ብሰላም የራኽበና' ብምባል'ዩም፣ ሃገራዊ ክብርታትና፣ ተጻብኦታት እንተምከተሎም፣ ፈታኒ እዋን እንተሓለፍናሎም፣ ሃገራዊ ራእይናን ዕላማታትናን እንተግበረሎም ስውራት ኣጸዋርና ብምኻኖም፣ ከንዕቅቦምን ከንሕብሕቦምን ከም ዝግባእ ብምልባው ተፈላልዮም።

**ክብርታትና ዋልታና!**



# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ናይ ዋንጫ ጥምጥም፣ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ሰገን፡ ደንደን ምስ ኢንሹራንስ

### "ክንዕወትና ኢና፡ ዋንጫ ድማ ናባና'ያ፡" ኣሰልጣኒ ቀይሕ ባሕሪ

### "ዋንጫ ክንወስድ ክንጽዕር ኢና፡" ኣሰልጣኒ ሰገን

ኣብ መንጎ ትሸዓተ ጋንታታት ሊግ ዞባ ማእከልን ጋንታታት ካልኣይ ዲቪዝዮንን ክካየድ ዝጸንሐ ግጥማት ዞዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል፡ ሓሙስ ብዝተኻየደ ናይ ኣውዳቕካ ምሕላፍ ጸወታ፡ ቀይሕ ባሕርን ከብሪያ ህንጻ ሰገንን ንመጋጥምትን ስዒረን ናብ ናይ ፍጻመ ጸወታ በጺሐን። ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ፡ ደንደንን ኢንሹራንስ ዞዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል ንምልዓል ክፋለማ እየን።

ኣሰልጠንቲ ናይዞን ጋንታታት ዝ. ናይ ጽባሕ ጸወታ ኣመልኪቶም ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ፣ ኣሰልጣኒ ከብሪያ ህንጻ ሰገን ዳዊት ስዩም (ጻዕዳ)፡ "ዋንጫ ንምዕታር ኢልና ዝዘን ጋንታታት እናሰዓርና መጺእና፡ ናብ ዋንጫ ድማ በጺሕና። ስለዚ ዝ. ናይ ጽባሕ ናይ ዋንጫ ጸወታ ዝለዓለ ሞራልን ሓቦን ገይርና ብምእታው ዋንጫ ክንወስዳ ክንጽዕር ኢና" ክብል ተዛሪቡ።

ኣሰልጣኒ ቀይሕ ባሕሪ ኤርሚያስ ተወልደ (ቲሎ) ብወገኑ፡ "ከምታ ኣብ መኽፈቲ ሊግ ዝወሰድናያ፡ ሕጂ ድማ ዞዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል ኣብ ከብሕና ክንሰቕላ ኢና። ከብሪያ ህንጻ ሰገን ብቐሊል ዝረኣዩ ጋንታ ኣይኮኑን ኣብ ሊግ ተራኺብና ኢና። ንዕኦም ዝኸውን ቅዲ ኣጻዋውታ ኣዳሊና ክንመጽእ ኢና። ስለዚ ክንዕወት ኢና፡ ዋንጫ ናባና'ያ" ኢሉ።

ዝ. ጽባሕ ሰንበት ሰዓት 3፡00 ድ.ቐ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ዝካየድ ናይ ዋንጫ ግጥም፡ ሰገን ካብቲ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ዝተረቖሐ ተማሰገን ክፍሉ፡ ኣብ መበል 11 ደቒቕ ብዘረኸበታ ሹቶ፡ ንክርፓ ረቨን ዘራእትን ጥራትን 1ብ0 ስዒራ ናብ ፍጻመ በጺሓ። ቀይሕ ባሕሪ ድማ፡ ነታ ኣብ መበል 47 ደቒቕ ካብ ድልየት ኣቶብርሃን ሹቶ ዝረኸበት ኣስመራ በራ፡ 2ብ1 ብምስዓር'ያ ናብ ፍጻመ ሰጊራ። ቀዳመይቲ ሹቶ ቀይሕ ባሕሪ፡ ተጻዋታይ ኣስመራ በራ ናህም ፍጹም፡ ኣብ መበል 14 ደቒቕ ኣብ ክሊ ልዑቱ ሐዚዋ ዝበረት ከዕሶ ኩረር ኢላ ብምምዝጋባ ዝተረኸበት ክትከውን ከሉ፡ ካልኣይትን መዐወቲትን ሹቶ ድማ፡ ኣብ መበል 70 ደቒቕ ካብ ርእሲ ሄኖክ ርእሶም ዝረኸበታ'ያ። ኣብዚ ግጥም ተጻዋታይ ቀይሕ ባሕሪ መድሃኔ ረድኢ ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰምዩ።

ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ፡ እተን ንውድድራት ከዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ዓብለለን ዘለዋ ኢንሹራንስን ደንደንን ክራኸባ እየን። ኣሰልጠንቲ ናይዘን ጋንታታት ንምድላዋቶም ኣመልኪቶም ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ፣ ምክትል ኣሰልጣኒ ደንደን ኣፍም ሃይሉ፡ ኣብዚ ዓመት ኣብ ዞባ ማእከል ዝተቐረባ ዋናጩ ክንዓትረን ኣቲና። ሓንቲ ካብዘን ተቐሪበን ዘለዋ ዋንጫ፡ ድማ፡ ዞዋሪት ዋንጫ እያ። መጋጥምትና ኢንሹራንስ ዘለዋ ኣጻዋውታ ተዓዚብና ስለዘለና፡ ብኸመይ ንገጥማ ተዳሊና ክንኣቱ ኢና። ስለዚ ዋንጫ ናትና'ያ" ኢሉ። ኣሰልጣኒ ኢንሹራንስ ሚካኤል ጠዓመ ኸኣ፡ "ኣርባዕተ ተጻወትቲ ጉዱላትና ኣለዋ። ግን ምኽኒት ከይገበርና፡ በዘን ዘለዋና ኾይ ዞዋሪት ዋንጫ ንኻልኣይ ዓመትና ክንወስዳ ክንጽዕር ኢና" ብምባል ሓሳቡ ገሊጹ።

ኣብ መንጎ ኢንሹራንስን ደንደንን ዝካየድ ግጥም፡ ሓያል ምትህልላኽ ዝርኣዮ መሳጢ ጸወታ'ዩ። ጽባሕ ሰዓት 1፡00 ድ.ቐ ድማ፡ ዞዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል ንምዕታር፡ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ክራኸባ እየን።



## ስፖርታዊ ውድድራት ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ይቕጽል

ብ26 ለካቲት ዝፈለመ ስፖርታዊ ውድድራት ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ፡ ብግጥማት ከዕሶ እግሪ፡ መርበብን ሰከይትን ቀጺሉ ቀጺሉ ቀጺሉ።

ብዓሰርተ ሓደ ዓይነታት ጸወታ ዝሰላሰል ዘሎ ስፖርታዊ ውድድራት ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ፡ ኣብ መንጎ ማዶትን ሃዋኪልን ዝተኻየደ ጸወታ ከዕሶ እግሪ፡ ማዶት ነታ ኣቐዲማ ሹቶ ዘመዝገበት ሃዋኪል፡ 4ብ1 ስዒራታ።

ገደምን ዳህላክን ኣብ ዘካየድኦ ጸወታ ድማ፡ ገደም ንዳህላክ ዓብሊላ 3ብ0 ተዓዊታ። ሃዋኪል ምስ ሂርግጊል ኣብ ዘካየድኦ ጸወታ 0ብ0 ክወጽኣ ከለዋ፡ ዶልፊዶል ንዳህላክ 4ብ0 ስዒራታ። ማዶት ንገደም፡ ሂርግጊል ንዳህላክ ብተመሳሳሊ 2ብ0 ክስዕረአን ከለዋ፡ ዶልፊዶል ድማ፡ ንማዶት 2ብ1 ረቲዓታ።

ክሳብ ሕጂ ተኻየዱ ብዘሎ ግጥማት፡ ሂርግጊል ብሸውዓተ ነጥቢ ክትመርሕ ከላ፡ ዶልፊዶልን ማዶትን ከኣ ሽሽዱሽተ ነጥቢ ኣኪበን ይስዕባ። ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታታት ኣብ ዘካየድኦ ጸወታ፡ ሰንዓበር ንሃዋኪል 4ብ0 ስዒረንኣ።

ኣብ ግጥማት ከዕሶ መርበብ፡ ሃዋኪል ንማዶት 3ብ1፡ ገደም ንዳህላክ 3ብ0፡ ዶልፊዶል ንዳህላክ 3ብ2፡ ሃዋኪል ንሂርግጊል 3ብ1 ስዒረንኣ። ጸወታታት ከዕሶ ሰከይት፡ ብርክት ዝበለ ውድድራት ብምክያዱ፡ ናይ ቀዳማይ ዙር ውድድራት ዛዚሙ ናብ ውድድራት ካልኣይ ዙር ተሰጋጊሩ ይርከብ።



## ሰመንዮ ንፈለማ፡ ጓርድዮላ ንመበል 12 ግዜ ሽልማት ዓቲሮም




ጋናዊ ኣጥቃዓይ ማንቸስተር ሲቲ ሰመኞ ኣብ ወርሒ ጥሪ ካብ በርንማውዝ ናብ ማንቸስተር ሲቲ ድሕሪ ምጽንባሩ፡ ብዘርኣዮ መሳጢ ብቕዓት ብሉጽ ተጻዋታይ ፕሪመር ሊግ ወርሒ ለካቲት ተሸሊሙ።

ሰመኞ፡ ኣብ ቀዳመይቲ ምልእቲ ወርሑ ኣብ ሲቲ፡ ኣብ ሓሙሽተ ግጥማት ተሰሊፉ ሰለስተ ሹቶ ብምምዝጋቡን ሓንቲ ቀረብ ንሹቶ ብምግባሩን ናብ ፕሪመር ሊግ ካብ ዝመጽአ ንፈለማ ግዜ ሽልማት ብሉጽ ተጻዋታይ ናይ ሓንቲ ወርሒ ክዕትር ክኢሉ። ሰመኞ፡ በዚ ናይ ወርሒ ክልተ ሽልማት፡ ሳልሳይ ጋናዊ ዝ ሽልማት ዝለዓለ ክኸውን ክኢሉ።

ኣብ ናይ ኣሰልጠንቲ ኸኣ፡ እቲ ኣብ ወርሒ ለካቲት ዘይተሰዓረ ዓላሚ ማን ሲቲ ፐፕ ጓርድዮላ፡ ድሕሪ ታሕሳስ 2021 ዝ ናይ ወርሒ ለካቲት ሽልማት ክልዕላ በቒዑ።

ጓርድዮላ፡ ዝ ሽልማት ክልዕላ ኣርባዕተ ዓመት እኳ እንተተጸበየ፡ እዛ ሕጂ ዝወሰዳ ግን መበል 12 ሽልማት ኩይና ተመዝጊባትሉ። በዚ ኸኣ ንዴቪድ ሞየስ ብሓንቲ በሊጹ፡ ኑዩም፡ 27 ግዜ ዝወሰደ ኣሌክስ ፈርጉሰንን 15 ግዜ ዝተሸለመ ኣርሰን ቨንገርን ሰዒቡ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ።

## ዝዓበየ ግጥም ኣርሰናል ምስ ኤቨርተን



ናይ ሚካኤል ኣርቴታ ኣርሰናል፡ መሰረታዊ ጥበብን ምዕቃብ ምምሕዳር ጸዓትን ብምኽታል፡ ምስቲ ንኣርቴታ "ብሉጽ ኣሰልጣኒ" ክብል ዝገለጾ ዓላሚ ኤቨርተን ደቪድ ሞየስ ሎሚ ቀዳም ክጋጠም'ዩ። ኣርሰናል፡ ኣብዚ ዓመት ኣርባዕተ ዋናጩ ንምዕታር ኣብ ትጉበሮ ዘላ ውድድር፡ እዚ ሎሚ ኣንጻር ኤቨርተን እትካየዶ ግጥም ወሳኒ ይገብሮ። ኣርቴታ፡ ድሕሪ'ቲ ረቡዕ 1ብ1 ዝወጽኣትሉ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ዝዓበየ ጸወታ ንዓና፡ ምስ ኤቨርተን እነካይዶ እዩ" ብምባል ቀዳምነቱ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ምልዓል ምዃኑ ኣብሪሁ። ኣርሰናል፡ ካብ 45 ግጥማት 34 ግዜ ብምዕዋታ፡ ምስታ ኣብ ዳሕረዎት ሽዱሽተ ግጥማት ናይ 50 ዓወት ዘመዝገበት ኤቨርተን፡ ኣብ ኢማራትስ ክትራኸብ'ያ። እዘን ክለባት ተራኺበን ካብ ዘካየደኦ ዳሕረዎት ግጥማት፡ ኣርሰናል 67% ብምዕዋት ኣብ ልዕሊ ኤቨርተን ዕብለላኣ ክተረጋግጽ ክኢላ'ያ። ናይ ሎሚ ጸወታ ግን፡ መራሒነታ ኣብ ሓደጋ ንዘይምእታው ተካይዶ ጸወታ ብምዃኑ፡ ኣብ ጸቕጢ ከይትሽመም ተስግእ'ያ። ይኹን እምበር ኣብ ቀድሚ ደገፍታ ዘካየደቶም ዳሕረዎት ሓሙሽተ ግጥማት፡ ተዓዊታ ብምውጽኣ፡ ኣብዚ ሎሚ ትጉበሮ ጸወታ እዚ ብልጫ'ዚ ናብ ረቡሓኣ ክትቕይር ትጽቢት ይግበረላ። እንተኾነ ኤቨርተን፡ ካብ ሜዳኣ ወጻኢ ብዘጥሃለለቶ ነጥቢ፡ ራብዓይቲ ዝለዓለ ክብረ ወሰን ዝሓዘት ክትከውን ዝኸኣለት'ያ። በዚ ኸኣ፡ ንኣርሰናል ብቐሊሉ ኢዳ ከም ዘይትህብ ትግመት። ትሮሳርድ'ን መሪኖን ኣብ መሳርዕ ናይ ሎሚ ኣርሰናል ዘይህልዉ ክኾኑ እንከለዉ፡ እቲ ድሕሪ ወርሒ ጥሪ ኣብ ሜዳ ዘይተርኣየ ኦዴጋርድ'ውን ሎሚ ዘይረኣ'ዩ። ጠን ዋይት ግን፡ ናብ ጸወታ ዝምለስ ብምዃኑ፡ የማነይ መስመር ምክልኻል ኣርሰናል ቁመንኡ ክዕቅብ ከም ዝኽእል ይእመን። ኤቨርተን፡ ንዓሰርተ ሓደ መዓልቲ ካብ ጸወታ የዕረፉ ብምጽንሖም፡ ተጻወትታ ክሓወዩ ዕድል ረኺቢያ። በዚ ኸኣ፡ ብዘይካ እቲ ኣብ ናይ ሎሚ ጸወታ ናይ ምስላፍ ተኽእሎኡ ዘይዝሑረ ዘሎ ካርሎስ ኣልካራዝ፡ ጃክ ግሪሊሽ ጥራይ'ዩ ኣብ ሜዳ ዘይረኣ። ኤቨርተን፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ተሳትፎኣ ኣብ ኤውሮጳዊ ግጥማት ንምርግጋጽ፡ ንኣርሰናል ጸቢብ ክትምክታ ትጽበ ይግበረላ። ኣርቴታ፡ ካብ ኤቨርተን ጽኑዕ ምክልኻል (ለው ባክ) ብምጽባይ፡ ተጻወትቱ ንሓያል ምጥቃዕ ከም ምክልኻል ብምጥቃም፡ ኣብርቲዖም ክጸዕሩ ኣዘዚዎም ኣሎ፣ "ስራሕና ክንሰርሕ ኣሎና... ሎሚ ምሸት ድማ ክሰርሖ ኣሎና፡" ብምባል። ኣርሰናል፡ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ንምልዓል፡ ዝ. ናይ ሎሚ ጸወታ ካብቲ ክትዕወተሉ ዘለዋ ግጥማት ሓደ'ዩ። መርበብ ሓበሬታ 'ስፖርት ሞል' ድማ፡ ኣርሰናል 1ብ0 ክትዕወት ገሚታ'ላ። ንስኻትኩም ከ መን ትዕወት ትብሉ?

## ምባፐ፡ ገና ድሉው የለን

ብዘጋጠሞ ናይ ብርኪ መጉዳእቲ፡ ኣብ ኣርባዕተ ዳሕረዎት ግጥማት ጋንታኡ ሪያል ማድሪድ ዝሸፈረ ኪልያን ምባፐ፡ ዋላ'ኳ መጉዳእቱ ምምሕያሽ የርኣይ እንተሎ፡ ሎሚ ቀዳም ምስ ኤልቸ ኣብ ዝካየድዎ ጸወታ ንኽሰልፍ ጋንታኡ ወሲና።

ጋንታኡ ዝ. ውሳኔ ክትወስድ ዝደረኻ፡ ዝመጽእ ሰሙን ኣብ ወሳኒ ግጥም ካልኣይ እግሪ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ምስ ማን ሲቲ ክትገጥም ብምዃና'ዩ። ኣሰልጣኒ ርያል ማድሪድ ኣርበሎኣ፡ እዚ ወሳኒ ተጻዋታይ ክሳዕ ናብ 100 ሚእታዊት ብቕዓት ጥዕና ዝመጽእ፡ ኣብ ዝሽዑ ዘቤታዊ ግጥማት ብምጽማድ ክጉድኦ ከም ዘይደሊ ይሕብር።

ኣርበሎኣ፡ "እዚ ጉዳይ ዝተሓላለኸ ኣይኮነን። መዓልታዊ ጸቡቕ ምምሕያሽ ይገብር ኣሎ። ጽባሕ (ናይ ሎሚ) ኣይክሀሉን'ዩ፡ ርግጸኛ'የ ግን ናብ ማንቸስተር ክጎዓዝ'ዩ" ኢሉ።

ተጻወትቱ መን ይሰለፍ ብዝብል ሓሳብ ከይሰረቑ ዝምሕጸን ኣርበሎኣ፡ ከምቲ ኣብ ቀዳማይ እግሪ ምስ ማንቸስተር ሲቲ ኣብ ዝገጠምሉ ዘርኣይዎ ናይ ዓወት ስሉልና ሐዚም ዘቤታዊ ውድድራቶም ክካይዱ ይደሊ። ርያል ማድሪድ፡ ሎሚ ምስ ኤልቸ ዘለዋ ጸወታ ብምዕዋት፡ ነታ ብኣርባዕተ ነጥቢ ቀዲማቶም ዘላ ባርሴሎና፡ ኣብ ጸቕጢ ክእትዋ ኣንቂዶም ይርከቡ። ማድሪድ፡ ድሕሪዚ ናይ ሎሚ ጸወታ፡ ካልኣይ እግሪ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ንምክያድ ናብ ማንቸስተር ሲቲ ክጉዓዙ እዮም። ጽባሕ ሰንበት ድማ፡ ምባፐ ኣብዚ ናይ ካልኣይ እግሪ ጸወታ የርክብ እንተኾይኑ ክትውሰን'ያ።

## ሪስ ጄምስ፡ ውዕሉ ኣናዊሑ




ሓለቓ ጋንታ ቸልሲ ሪስ ጄምስ፡ ኣብ ስታምፎርድ ብሪጅ ክሳዕ 2032 ዘጸንሖ ሓድሽ ናይ ሽዱሽተ ዓመት ውዕል ፈሪሙ።

እዚ ፍርያት ኣካዳሚ ቸልሲ ዝኾነ ወዲ 26 ዓመት እንግሊዛዊ፡ ካብ ማዕከረም 2019 ኣትሒዙ'ዩ ማልያ ቸልሲ ክሉብስ ጀሚሩ። ዝበሮ ኮንትራት ኣብ 2028 ዘብቅዕ ብምዃኑ ኸኣ፡ ሓድሽ ውዕል ክፍርም ወሲኑ። በዚ ፈሪምዎ ዘሎ ናይ ሽዱሽተ ዓመት ኮንትራት፡ ንሰሙን 250 ሽሕ ፓውንድ ብምቕባል፡ ዝለዓለ ደሞዝተኛ ኣብ ቸልሲ ኮይኑ ኣሎ።

ኣብዚ ዓመት ካብ 26 ግጥማት ቸልሲ፡ ኣብ 19 ግጥማት ምስ ቀዳሞት ተጻወትቲ ዝተሰለፈ ጄምስ፡ ማልያ ቸልሲ ለቢሱ ዛጊት ኣብ 225 ግጥማት ተሰሊፉ ኣሎ።

## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

**ፕሪመር ሊግ**

በርንሊ - ቦርንማውዝ 6፡00 ድ.ቐ

ሳንደርላንድ - ብራይተን 6፡00 ድ.ቐ

ቸልሲ - ኒውካስል 8፡30 ድ.ቐ

ኣርሰናል - ኤቨርተን 8፡30 ድ.ቐ

ዌስት ሃም - ማንሲቲ 11፡00 ድ.ቐ

**ላሊጋ**

ርያል ማድሪድ - ኤልቼ 11፡00 ድ.ቐ

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ነዳዲ ሩስያ ዘጽደቐቶ እገዳ ኣዝሊቓቶ

ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ነዳዲ ፈደረሽን ሩስያ ኣጽዲቓቶ ዝጸንሐት እገዳ ከም ዘፍኰሰቶ፡ ጸሓፊ ክፍሊ ግምጃ ኣመሪካ ስኮት ባሰንት ሓቢሩ።

እቲ ምፍኳስ እገዱ ኑቲ ቅድሚ 12 መጋቢት ኣብ መራኽብ ዝተጻዕነ ነዳዲ ፈደረሽን ሩስያ ጥራይ ዝምልከት ኮይኑ፡ ንዘቕጽል 30 መዓልታት ከኣ ግብራዊ ኮይኑ ክጸንሕ ከም ዝኾነ በሰንት ወሲኹ ኣሺሩ።

እዚ ስጉምቲ ድሕሪ እቲ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን ዘካየዳኦ ዘለዋ ሓብራዊ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ዘኸተሎ ምዝኻር ዋጋታት ጸዓት እዩ ዝወሰድ ዘሎ።

ብ28 ለካቲት፡ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን ድሕሪ ዝጀመራኦ ልፍንታዊ መጥቃዕቲ፡ ኢራን ኑቲ ሓደ ሕምሲት



ካብ ናይ ዓለምና ቀረብ ነዳዲ ዝሓልፈሉ መጻብቦ ሆርሙዝ ብምዕጻው ዝሃበቶ ግብረ መልሲ፡ ንዋጋ ነዳዲ ናብ ልዕሊ 100 ዶላር ዝበርግል ክብ ኣብልዎ ከም ዝርከብ እየም ምንጪታት ዝሕብሩ።

ጸሓፊ ክፍሊ ግምጃ ኣመሪካ ኣብ ማሕበራዊ መራኽቢ 'ኤክስ' ኣብ ዝዘርግሖ ሓብሬታ፡ ንህሉው ኣህጉራዊ ቅልውላው ነዳዲ ንምፍኳስ፡ ሃገራት ዓለም ካብቲ ድሮ ኣብ ባሕሪ ዝርከብ ነዳዲ ፈደረሽን ሩስያ ክሽምታ ተፈቒዱወን ከም ዘሎ ኣረዲኡ።

ጸሓፊ ክፍሊ ጸዓት ኣመሪካ ክሪስ ራይት ብወገኑ፡ ሰራሕ ክፋል ናይቲ ኣብ ልዕሊ ነዳዲ ሩስያ ዝተወሰነ እገዳ ከም ዘይልዓል ድሕሪ ምግላጹ፡ ዋሽንግተን ኣብ ልዕሊ ሞስኮ ዘለዋ ናይ እገዳ ፖሊሲ ክትቅይሮ መደብ ከም ዘይብላ ኣመልኪቱ።

## ካናዳ፡ ናይ 30 ቢልዮን ዶላር ውጥን ሓንጺጻ

ቀዳማይ ሚኒስተር ካናዳ ማርክ ካርኒ፡ ኣብ ምምዕባል ጸላት ምክልኻል ሃገሩን ኣብ ምዕባይ ቁጠባዊ ምምዕባል ኣርክቲክን ዘጠቓለለ ናይ ልዕሊ 29 ቢልዮን ዶላር ውጥን ከም ዝሓንጸጸ ኣፍሊጡ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ካርኒ ወሲኹ፡ ኣብዚ ሓድሽ ዘመን፡ ንውሕስነትን ብልጽግናን ሃገሩ ኣብ ካልኦት ሃገራት ምምርኳስ ከም ዘየዋጽእ ድሕሪ ምግላጹ፡ ካናዳ ኣብዚ እዋን'ዚ ንሶማዊ ግዝኣታታ ንምውሓስን ሰፊሕ ጸጋታት ንምምዝማዝን ትሰርሕ ከም ዘላ ኣረዲኡ።

ብመሰረት እቲ ወጺኡ ዘሎ ውጥን፡ ልዕሊ 25.6 ቢልዮን ዶላር ኣብ ምምዕባል ወተሃደራዊ ትሕተ ቅርጺ ክውዕል፡ እቲ ዝተረፈ 7.3 ቢልዮን ዶላር ከኣ ኣብ ምህናጽ ንካናዳ ምስ ትሕተ ሚያዊ ወደብ ኣርክቲክ ዘራኽብ ናይ ጽርግያ ድልድልን ካልእ ዓበይቲ ፕሮጀክትታትን ክውዕል እዩ።

እቶም ተሓንጺጾም ዘለዉ ፕሮጀክትታት፡ ኣብ መጀመርታ 2030ታት ትግባረኦም ክጅምር መደብ ተታሒዙ ከም ዘሎ ከኣ ተፈሊጡ ኣሎ።

ንካናዳ ዝምልከት ክፋል ኣርክቲክ፡ 40 ሚእታዊት ካብ ስፍሓት መሬት፡ ከምኡ'ውን 70 ሚእታዊት ካብ ገምገም ባሕሪ ናይታ ሃገር ዝሽፍን ኮይኑ፡ መንበሪ ልዕሊ 140 ሽሕ ዜጋታት ምዃኑ ጸብጻባት የመልክቱ።




## ህንዲ፡ ኣብ ሰደድ ድኹዒ ዝተገብረ እገዳ ክፈኵስ ጸዊዓ

ህንዲ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዝቐጸል ዘሎ ግጭት ንፍርያት ድኹዒ ብኣሉታ ይጸልዎ ስለ ዘሎ፡ ቻይና ኣብ ልዕሊ ሰደድ ናይቲ ብናይትሮጅን ሃብታም ዝኾነ 'ዩርያ' ዝተባህለ ዓይነት ድኹዒ ኣንቢራቶ ዝጸንሐ ቀይዲታት ክተቃልሎ ከም ዝጸወዐት፡ ማዕከን ዜና ብሉምበርግ ሓቢሩ።

ቤይጂንግ፡ ናይ ዓለም ዝዓበየት ኣፍራዪት 'ዩርያ ድኹዒ' ኮይና፡ ንሰደድ ናይቲ ዘመናዊ ድኹዒ ብስርዓት ኮታ ከም እትቆጻጸሮ ምንጪታት ይሕብሩ።

ግጭት ማእከላይ ምብራቕ ብዘኸተሎ ሕጽረት ነዳዲ፡ ኣብ ምፍራይ ዘመናዊ ድኹዒ ዝጥቀማ ብርክት ዝበላ ፋብሪካታት ህንዲ ክዕጸዋ ተገዲደን ከም ዘለዋ እየም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ብሰንኪ ምዕጻው እተን ፋብሪካታት፡ ዋጋ ናይቲ ኣብ ምፍራይ መግቢ ኣገዳሲ ተራ ዘለዎ ዓይነት ድኹዒ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብ21 ሚእታዊት ክብ ከም ዝበለ ይግለጽ።

ህንዲ እቲ ናይ ሰደድ ገደብ ክቃለል ምሕጽንታ ተቐሪቡ ዘሎ፡ ዝምድና ቤይጂንግን ኒው ደልሂን እናተማሓየሸ ኣብ ዝመጽኣሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ሕርሻን ምስኡ ዝተሓሓዙ ንጥፈታትን፡ 16 ሚእታዊት ካብ ጃምላ ዘቤታዊ እቶት ህንዲ ይሽፍን - ብመሰረት ጸብጻባት።




## ፓኪስታን ኣብ ልዕሊ ኣፍጋኒስታን ደብዲባ

መንግስቲ ኣፍጋኒስታን፡ ፓኪስታን ኣብ ዋና ከተማ ሃገሩ ዝኾነት ካቡልን ምብራቓዊ ክፋል ኣፍጋኒስታንን ንኣብይቲ ሰላማውያን ሰባት ዒላማ ዝገበረ ደብዳብ ከም ዘካየደት ከሲሱ።

በቲ ኣብ እዋን ለይቲ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ደቂ ኣንስትዮን ህጻናትን ዝርከብዎም ሸዱሽተ ሰባት ከም ዝተቐትሉ ከኣ ሓቢሩ።

ኣፈኛ ናይቲ ኣብ ኣፍጋኒስታን ስልጣን ሒዙ ዘሎ መንግስቲ ጣሊባን፡ ዛብሁላህ ሙጃሂድ ትማሊ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሓይልታት ውግእ ፓኪስታን፡ ኣብ ጥቓ መዓርፎ ነፈርቲ ካንዳሃር ንዝርከብ ዋንኡ ብሕታዊ መንገዲ ኣየር ዝኾነ መኽዘናት ነዳዲ'ውን ከም ዘጥቅዓ ገሊጹ።

ገለ ምንጪታት ጸጥታ ፓኪስታን እውን፡ ግብሪ ሽበራውያን ከም ዝሕብኡሉ ኣብ ዝገለጽዎም ኣርባዕተ ቦታታት፡ ከምኡ ድማ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ካንዳሃር ኣብ ዝርከብ መኽዘን ነዳዲ ዕወት መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸሙ ኣፍሊጦም።

ማሕበረ ሰብ ዓለም፡ መንግስታት ኣፍጋኒስታንን ፓኪስታንን ኑቲ ድሮ ሰለስተ ሰሙን ኣቚጺሩ ዘሎ - ኣብ መንጎኦም ዝካየድ ዘሎ ግጭት መቋረጺ ክገብሩሉን፡ ብተደጋጋሚ እንተ ጸውዐ እቲ ጸውዒት ግን ካብ ክልቲኡ ወገን ሰሚዒ ከም ዘይረኸበ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ዝሓለፈ 26 ለካቲት፡ ኣፍጋኒስታን ኑቲ ኣቐዲሙ ብፓኪስታን ኣብ ልዕሊ ፓኪስታናዊ ዕጡቕ ጣሊባን ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ነፈርቲ ምላሽ ንምሃብ፡ ንኽልቲኤን ሃገራት ኣብ ዘራኽብ ዶብ ብዝተኻየደ መጥቃዕቲ ዘይምቅዳው ክልተአን ጎረቤት ሃገራት መሊሱ ከም ዝኸረረ እየም ምንጪታት ዝሕብሩ።

ብኽልቲኡ ወገን ዝወረደ ሰብኣዊ ክሳራታት'ኳ ንጹር እንተ ዘይኮነ፡ ካብ 26 ለካቲት ክሳብ 5 መጋቢት ኣብ ዝነበረ ግዜ ግን፡ ዝበዝሑ ህጻናት ዝርከብዎም 56 በርጌስ ከም ዝተቐትሉ፡ ወኪል ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኣፍጋኒስታን ገሊጹ።

ሰበ ስልጣን ፓኪስታን እውን ብወገኖም፡ ኣብቲ ግጭት ኣስታት 12 ወተሃደራት ከም ዝተቐትሉዎምን ካልኦት 27 ወተሃደራት ከኣ መቑሰልቲ ከም ዝጋጠሞምን ክገልጹ እንከለው፡ ጣሊባን ግን ልዕሊ 150 ወተሃደራት ፓኪስታን ከም ዝቐተለ እዩ ዝገልጽ።

ብመሰረት ጸብጻብ ሕቡራት ሃገራት፡ ብሰንኪ ኣብ መንጎ ፓኪስታንን ኣፍጋኒስታንን ዝካየድ ዘሎ ግጭት፡ ኣስታት 115 ሽሕ ነበርቲ ካብ ኣባይቶም ክመዛበሉ ተገዲዶም ይርከቡ።



## ቱርኪ፡ ሳልሳይ ባለስቲካዊ ሚሳይል ከምዘምከነት ገሊጻ


ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ማእከላይ ባሕሪ ተተኺሉ ዝርከብ ስርዓት ምክልኻል ኣየር ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ)፡ ካብ ኢራን ናብ ቱርኪ ዝተወንጨፈ ምዃኑ ዝገለጸ ሳልሳይ ባለስቲካዊ ሚሳይል ከም ዘበርዓኑ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ቱርኪ ትማሊ ዓርቢ ሓቢሩ።

እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ ኢራን ኑቲ ናብ ሰማያት ቱርኪ ዝወንጨፈቶ ሚሳይላት ኣመልኪታ መብርሂ ክትህቦ ከም ዝሓተተ'ውን ገሊጹ።

ቱርኪ፡ እቲ ሳልሳይ ሚሳይል ኣበይ ከም ዝወደቐ እኳ እንተ ዘይሓበረት፡ ኣብ ጥቓ ናይቲ ኣብ ደቡባዊ ቱርኪ ኣብ ዝርከብ ክፍለ ሃገር ኣዳና ዝተደኮነ መደበር ሓይሊ ኣየር 'ኢንቺርሊክ' ግን ምንቅጥቃጥ ናይ መኻኹቲ ህንጻታት ከም ዝተራእየ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ሓቢርም።

ኣብ መደበር ሓይሊ ኣየር ኢንቺርሊክ፡ ኣባላት ሓይሊ ኣየር ኣመሪካ፡ ካብ ቱርክን ካልኦት ሃገራትን ዝተዋጽኡ ሰራሕተኛታትን ዓሪዶም ከም ዝርከቡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ቱርኪ፡ ኢራን ኣብ መሬታ ተወናኺሊ መጥቃዕቲ ከይተካይድ ድሕሪ ምጥንቃቓ፡ ኣብቲ ኣብ መንጎ ኢራን፡ እስራኤልን ኣመሪካን ዝካየድ ዘሎ ኩናት ኢዳ ከተእቱ ከም ዘይትደሊ ኣፍሊጣ'ላ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፍርማሲ ኣሽፋእ | 14/03/2026 | ኃደና ኪልዓውታ ቁ.57 ኣኽርያ ከባቢ እንዳ ዓሊበኺት | 07157709 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services